# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.238 | ሰንበት 4 ሰነ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ብምኽንያት በዓል ናጽነት . . .




ገጽ 3 — ንሎሚ ክትርድኣ ንትማሊ ፈትሻ. . . !




ገጽ 4 — ከተማ ቨሮና



ገጽ 6 — ሎሚ ሎምስ. . .



ገጽ 11 — ደሃይ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ




ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ወከል ዓለማዊ ውድብ መግዛበን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ

# ሚ/ሕርሻ ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ





ብምትሕብባር ትማሊ 2 ሰነ "ደረጃታት መግቢ፡ ህይወት የድሕን!" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ሕጋጋትን ስርዓትን ድሕነት መግቢ ዘተኮረ ዓውደዘተ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ሳዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ወከልቲ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዲፕሎማሲያዊ ካኣሊታት፡ ኣፍረይቲ መግዛበን ካልኦትን ዝተረኸብሉ ዓውደ-ዘተ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ጥዕና፡ ንግድን ኢንዱስትሪን፡ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ትካል ደረጃታት ኤርትራን ካልኦትን ብወህደት ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሃገርና ጉዳይ ድሕነት መግቢ ብርክት ንዘለዉ ጸላታት ዝምልከት ሰለዘኸሉ - ብፍላይ ንድሕነት መግቢ ዝምልከት ወሀድ ሃገራዊ ፖሊሲን ስትራተጅን ንምድላው ክሰርሑ ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ንምትግባሩ ፍልጠትን ተመኩሮን ንምድላብ፡ ምስ ብደረጃ ዓለም ዚ ጉዳይ ዝከታተል ኣካል 'ኮዴክስ ኣሊመንታርዮስ' ዘለና ዝምድና ክሕይል ከምዝጽዕ ኣስሚሩሉ።

ወከል ውድብ መግዛበን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኤስተር ለሲፓኒ ብወገና፡ ቀንዲ ዕላማ ኮዴክስ ኣሊመንታርዮስ፡ 'ድሕነት ተጠቀምቲ መግቢ' ማእከል ዝገበረ፡ ኣባል ሃገራት ኣብ ጉዳይ ድሕነት መግቢ ዘለወን ከለንተናዊ ዓቕሚ ምዕባይ ከምኡ'ውን ኣብ ዓለማዊ ንግዲ መግቢ፡ ምቹእነትን ምትእምማንን ምፍጣር ምዃኑ ሓቢራ።

እቲ ዓውደዘተ፡ ነቲ ኤርትራ ክህልዋ ዝግባእ ጥሙር ስርዓትን ፖሊሲን ቍጽጽር መግቢ መንጠሪ ባይታ ክኸውን ዘለዎ እምነት ድማ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ተኽለኣብ ምስጉን ድማ፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ኮዴክስ ኣብ ድሕነት መግዛበን ክህልዎ ዝግባእ ደረጃታትን ብምትካር፡ ናብቲ ብተዛማዲ ቅቡል ዝኾነ ዓለማዊ ደረጃታት ንምብጻሕ፡ ንሃገራዊ ቍጽጽር ድሕነት መግቢ በቢመድረኹ ንምሕያል ክሰርሕ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብቲ ዓውደዘተ፡ ንእንታይነትን ዕላማን ኮዴክስ፡ ሃገራዊ ንጥፈታት ኮዴክስ፡ ምርግጋጽ ብቕዓት ዓሳን ወጽኢት ዓሳን ከምኡ'ውን ትጽቢት ወጽኢት ናይቲ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክት ዝምልከት ወረቓቕቲ ቀሪቡ - ሰፊሕ ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ ኣገደስቲ ለበዋታት ሓሊፉ።

# ተቐማጦ ን/ዞባ ጎልጅ፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምሳሕ እንግዶት ገይሮም

ተቐማጦ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ኣምሓጀርን ከባቢኡን ኣብ ልምዓትን ድሕነት ሃገርን ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባት፡ ብ30 ግንቦት ኣብ ሓወሲ ከተማ ኣምሓጀር እንግዶት ገይሮም።

ኣብ'ቲ እንግዶት ኣዚ ህዝባዊ ሰራዊት ምዕራብ ኮሎኔል ጉብረእግዚብሄር ዑንቋይ፡ ካልኦት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተጉበረሎም ኣብ ከባቢ ዶባት ኤርትራ ዝርከቡ ወከልቲ ሰራዊት ፌደራል ኢትዮጵያን ናይ'ቲ ዞባ ናይ ጸጥታ ኣካላትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኹሉ ተጻብኦታት ብሓደነት ኣፍሺሎም ኣብ ትሰፋው ምስግጋር መድረኽ ልምዓት ከምዝርከቡ ኣረዲኦም።

ኣዚ ኮር 503 ሰራዊት ፌደራል ኢትዮጵያ ሜጀር ጀነራል ወርቅነህ ጉዴታ ብወገኑ፡ እዚ ንኽልተ ዓመታት ብሓባር ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ንዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ናብ ዝለዓለ ምትእምማን ዘበጽሐ ምዃኑ ብምሕባር፡ ክልቲኡ ህዝብታት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ናይ ሰላምን ልምዓትን መድረኽ፡ ኣብ ባይታ ግብራዊ ዝኾነሉ መንገዲ ንምጥጣሕ ክሰርሑ ምዃኖም ገሊጹ።

ንዝተጉበረሎም እንግዶት ድማ ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ተሳተፍቲ ኢትዮጵያውያን ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝተዳለወሎም ህያብ ሰፍ - ካብ ኢድ ኣዚ እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባት ኮሎኔል የናስ ብጹእኣምላኽ ተቐቢሎም።

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ በዓል ናጽነቶም ይጽምብሉ ኣለዉ

መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት "ቅያ ስጡም መሰረት" ብዝብል ቴማ - ኣብ ከተማታት ኬንያ፡ ኢጣልያ፡ ጀርመን፡ ኣመራጺን ሃገራት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ብድምቀት ተጸምቢሉ።

ኣብ ኬንያ ብ28 ግንቦት - ኤርትራውያን ተቐማጦ ናይሮቢ፡ መሓዙትን ፈተውትን ኤርትራ ኣብ ዝተሳተፍዎ ጽምብል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ኣብ ቀረባ እዋን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኬንያ ንዝገበሮ ዑደት ብምጥቃስ፡ ዝምድና ኤርትራን ኬንያን ደረጃኡ ንምብራኽ ክድፋኣሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኬንያ ዋና ጸሓፊ ዶክተር ኮሪር ሲንገኢ፡ ኤርትራ ኣብ ኢጋድ ኣባልነታ ክተሐድሶ ምውሳና ብምምጓስ፡ ኤምባሲ ኬንያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ ክኽፈት ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ኢጣልያ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ከተማታት ሚላኖ፡ ቦሎኛ፡ ኣብሩዞ፡ ፊረንዜ፡ ጀኖዋ ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል ድማ፡ ኣምባሳደር ፍስሓጼን ጴጥሮስ ንኹሉ መድረኻት ሰጊርና ኣብ ርህው ደረጃ ከምዝበጻሕና፡ መጻኢ መጻኢና ድማ ሃገርና ንምልማዕን መታብርሮ ህዝብና ንምምሕያሽን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ ሃገራት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ዛምብያ፡ ዚምባብወ፡ ቦትስዋና፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ለሶቶን ዝነብሩ ኤርትራውያን እውን ምዕሩግ በዓል ናጽነት ኣሕሊፎም።



ኣብ ከተማ ማንሃይምን ካልኦት ከተማታትን - ጀርመን፡ ኣብ ከተማታት ከለምባስን ኦሃዮን - ሰሜን ኣመሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን እውን በዓል ናጽነት ብድምቀት ከምዘብዓሉ ተፈሊጡ።

# ቅያ ስጡም መሰረት!

# ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ክፍልታት ሚ/ምክልኻል ናይ ሓባር መደብ ምዝንጋዕ ወዲበን

*ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ኩለን ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሓባር ብምዃን ኣብ ኣስመራ - ቋሸት ናይ ምዝንጋዕ መደብ ወዲበን ነይረን።*

*ኣብ'ቲ ኣዘዘቲ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ኣካላት መንግስትን ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነትን ፖሊስን ጸጥታን ከምኡ'ውን ነርቲ ምምሕዳር ቋሸት ዝተረኽብሉ ብ30 ግንቦት ዝተኻየደ ጽምብል፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ዘሰምዖ ሓጺር ቃል እዚዩ፦*

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን ኣዘዝቲ ስታፋትን ኣባላትን ሚኒስትሪ ምክልኻል**

**ዝኸበርኩም ላዕለዎት ሓለፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍን መንግስትን**

**ዝኸበርኩም ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነት፡ ፖሊስን ጸጥታን**

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን ኩሉኹም ዕዱማት**

- ኣብ'ዚ ብኢጋጣሚ መበል 32 ዓመት ናጽነትና ኣብ እንዝክሮ ናይ ምዝንጋዕ መደብ፡ ዕድመና ኣኽቢርኩም ብምምጻእኩም ምስጋናና ነቕርብ።

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን**

- ኩላህና ከንኣተፎን ከነኽብሮን ከምዝጸናሕና መበል 32 ዓመት ናጽነትና ድሕሪ እቲ ጸላእትና ዘኣወዳልና ኩናትን እከይ ተግባርን ህዝቢ ኤርትራ ክተት ኢሉ ዝመከቶን ዘፍሸሎን ትብዓል ብምህላዉ፡ ብፍሉይነት ድምቀትን ክብርትን ኢዩ።

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን**

- ብዙሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎ ተጋድሎን ዝኸፈሎ መስዋእትን በቲ ሓደ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን እንተኾነ ዘጋጠሞ ተጻብኦን ብደሆን ደማ በቲ ካልእ፡ ብዙሕ ግዜ ብዘተፈላለዩ ኢጋጣሚታት ክገለጽ ስለዝጸንሐ፡ ብዝንደርእሱ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ዝተዋስኦሉ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ምድጋሙን ምዝርዛሩን ኣድላይነት የብሉን።

- ዋና ነገሩ ግን እዛ ብኸበድ ዋጋን መስዋእትን ዝተረኽበት ናጽነትን ሃገርን

- እዚ ንኡብሰይ ይጥዕመኒ ከይበሉ፡ ከንደይ ጀጋኑ መንእሰያት፡ ኣቦታትን ኣዴታትን ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ጸላእትናን ህይወቶም ዝኸፈልሉ ዕላማ፡ ከንቱ ኮይኑ ከይተርፍ

- ታሪኽና ናብ መንእሰያትና ከሰጋግሮ ንምዝኽኻር እዩ።

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን**

- መንእሰያት ማለት መጻኢ ማለት ምዃኑ ኩላህና እንርድኦን እንሰማማዓሉን እመስለኒ። መንእሰይ ክንብል ከሎና ግን ብብህልን ክብርታትን ናይ ሕብረተሰብናን ናይ ሰውራናን ዝተኸስከሰ፡ ተስፋን ራእን ዝዋጠቑ ንሃገር ኣለኹልኪ ዝብሉ፡ ተመራመርትን መሃዝትን ማለተይ ምዃኑ ከየስመርኩሉ ክሓልፍ ኣይደልን።

**ዝኸበርኩም ዝኸበርክን**

- ኣብ'ዚ ዓለም ብዘዝበሉ ደብዳብ ሓበሬታታት ተናዋጺትሉ ዘላ ግዜ፡ እቶም ቀዋሞት ግዳያት ኮተቴን መንእሰያትን ምዃናም ምርዳእን ምፍላጥን ኣገዳሲ እዩ። ዚ ምርዳእ ማለት ድማ፡ መንእሰያትና ከመይ ገይርና ንሕግዞ፡ ንኣልን ንኹሰኩሰን ምፍላጥ ማለት ስለዝኾነ - ስድራቤታት፡ ኣብያተ-ትምህርትን መማህራንን ሚኒስትሪታት፡ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ማሕበራትን ሓለፍቲ ሰራዊትን ታሪኽና ናብ መንእሰያትና ንምትሕልላፍ ኣይንተሓለል። ዝያዳዩ ወፍርና ድማ ናብኦም ይቕናዕ።

- ኣብ መወዳእታ ከምቲ ኣቐዲመ ጠቒሰዮ ዝበርኩ፡ መንእሰያት መጻኢ ኢኹም እሞ ሃገር ንዓኹም ኢያ ኣንቃዕሪሩ ትርኢ ዘላ - ንልምዓታን ንውሕስነት ጸጥትኣን ከም ወትሩ ከም ዝመሓለፉ ወለዶታት ኣለናልኪ በልዋ።

- ትምህርቲ ሰራሕን ልምዓትን እማባር፡ ስደትን ሰገሩ-ዶብን ምጥማት መፍትሒ ኣይኮነን እሞ ፎእ ወገድ ንበሎ።

**ርሑስ በዓል ናጽነትን**
**ጥኡል ክረምትን ይግበረልና**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**
**ዓወት ንሓፋሽ!**











## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ንሎሚ ክትርደኣ ንትማሊ ፈትሻ. . .!

ጥዑምዝጊ ተስፉይ

ትማሊ፡ ናይ ሎሚ ኣሙት ምንባሩ፡ ፈቲናዶአና እንቕበሎ ክውንኑት እዩ። ከምኡ ድማ ሎሚ ናይ ጽባሕ ኣሙት ምኳና ዘይተርፍ ሓቂ፡ ንሕና ሰባት፡ እንተስ ብዘይምግዛብ፡ እንተስ ብዘይምጉዳስ እንሓንኣብ ኣብ ሎሚ ዘለዉ. ነገራት ብጕዱርኣም ወይ ደማ ብዘይዝኾኑ ማሳረት ዱጭ ከም ዝበሉ ገደርና ናይ ምርኣይ ኣጋውል ይገጽብረቓና እዩ።

እዚ ማለት፡ ንሀሉው ኺውበራቓት ካብ ርእሱ ንላዕሊ ጥራይ ብምርኣይ፡ ብጥዘኣዊ መልክዕ ክንፈርድ ንደናደኑ። ኣብ ናይ ሓጺር እዋን ፍጻመታት ተመርኵስና፡ ኑቲ ኣብ ሎሚ ዘሎ ዓቢ ትርኢት ክንትንትነን ክንትርጉምን እናፈተንና ኣብ ትርጉም ኣልቦ ሃልኪ ንኣቱ። ንቓንዲ ትሕዝቶ ባሕሪ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ-ባሕሪ ከም ምንዳይ ዝዓይነቱ ትንተናና፡ ዘየለ ስኢሊ ብምፍጣር ናብ ዘይክውንኻታዊ ትጽበት ይደርብየና።

ኣብ ህሉው ግዜ፡ ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ካልእ ሸነኻት ሂወትን ናብ ድሕሪት እንተ ተገላቲና፡ ቅድሚ ዝሰገርናዮ መንገድታት ብምድህሃስ ኣሙት ሕመቕና ከለሊ. ምፍታንና፡ ኣብ ከባቢና ንዘህልዉ. ብኣሉታ ከም ዝጸለዉና ዝኣመንናሉም ኩነታት፡ ክስተታት፡ ተርእዮታት፡ ኣጋጣሚታት. . . ክንቈጽርን ከም ጠንቂ ሰንፍናና ክንዘርዝርምን ባህ ይብለና። ከቢ. ምስትብሃል ልቦና እዩ። ግን ከኣ ኣብ ሕሉፍና፡ ካብ'ቶም ኣብ ምብጋስና፡ ኣብ ቅድመና ዝዘበሩ ብዙሓት መንገድታት ኾናይ ከም ዝመረጽና፡ ክንመርጽ እንክለና'ኸ ብዛውሪ ደዩ ወይስ ብልቦና? እቲ ዝመረጽናዮ መንገዲ በየን ኣቢሉ ኣምጺኡና፡ ካብ መንገድና ወጺኢ. ኣማዕዲና እናጠመትና ዝሓለፍናዮም ሰናይ ኣጋጣሚታት ክንደይ ነይርም. . . ዝብሉ ናይ ትማሊ ኣመታት ምድህሃስን ምስትብሃልን ጠንቂ ህሉው ደረጃና ክለጽረልና ይኽእል።

ዝኾነ ይኹን ነገር ብዘይዝኾነ ይኹን ምኽንያት ወይ ድማ ኣብ ክፍተት ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ታሪኽ ውልቀሰብ ይኹን ታሪኽ ዓለምና፡ ከም ዕድመኦም ዝተጓዕዙሉ ሰንሰለታዊ ኣመጻጽኣ ኣለምም። ከም'ቲ ሓደ ገዛ ድሕሪ ማሳረትን ዝቐጸለ ማሳርሓትን ውዱእ ዝሸውኑ ትግሊ ኣብ ዘይሃጸናዮ ሰንሰለት፡ ሓደሽ መንኡት ወይ ደረጃ



ክጽንሓፍ ምጽባይ ካብ ዕሽነት ሓሊፉ ካልእ ስም ኣይወሃቦን። ዓለምና እውን ትማሊ ኣብ ዘየንጸፈቶ ሰረት፡ ሎሚ ሓደሽን ንወዲሰብ ባህ ዘብልን ነገር ክረኣያ ዝኽእል ኣይኮነን።

እንታይነትን ኣንፈትን ውልቀሰባትን ጉጅለታትን እውን ኣብ ቀረባ ትማሊ ወይ እውን ሎሚ ዝተሃንጹ ወይ ድማ ብሃንደበት ዱብ ዝበለ ኣይኮነን፡ ብዓበኡ ታሪኽ ዓለምና ወይ እውን ታሪኽ ወዲሰብ፡ ታሪኽ ፖለቲካ (ረብሓ) እዩ። ወዲሰብ ሎሚ ለቢሙን ማዕበሉን ኣብ ዝተባህሉ እዋን ናይ ዓመጽን ዕብለላን ሽውሃቱ ግን መመለሱ ኣብ ደሙ እናሰረጸ እዩ ዝቐጸለ ዘሎ። ብዙሓ ማዕርነት ደቂሰባት ልዕሊ. ዝኾነ ይኹን እዋን ሎሚ ይደጋገም ኣሎ።

ብዙሓ ሰላምን ፍትሕን ክይተዘመረላ ዝሓለፈት ዕለት የላን፡ እንተ ኾኑ ማሳርሕን መንገዲን ደኣ ተቐይሩ እምበር፡ ሽውሃቱን ሰሰዑንሲ. ካብ'ቲ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ዝነበረሉ ብዝኸፍኣ ደረጃ እዩ ከይዱ ዘሎ። በዚ. ምኽንያት፡ ወዲሰብ ኣብ ልዕሊ. ወዲሰብ ክየገዝኦ ዘሎዎ ዘይቕየር ሓቂ ኣሎ። ከም'ቲ ፈላጥት ዝበሉዎ ዝሓየለ ስለ ዝሰርር።

ቀደም፡ ኣብ'ቲ ወዲሰብ ካብ ደረጃ እንስሳት ዘይረሓቐሉ እዋን፡ ተግባራት ሰሰዑን ዓመጹን ብጋህዲ እዩ ዝነብሮ ዝነበረ፡ "እንተ ዘይገበርካ ክቐትለካ እየ" ዝዓይነቱ ናይ ሓያልን ድኹምን ምክርፋስ ዝረኣየሉ እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን እቲ ብልሓት እዩ ተቐይሩ። ብዘረባ ወይ ብጋህዲ ዘይብሃል፡ ግን ከኣ "እንተ ዘይተንበርኪኽካ ከውድቐካ እየ" ዝትርጉም ቅልስን ምፍርራሕን እዩ ኩይኑ፡ ናይ ጥንቲን ናይ ሎሚን ፍልልዩ፡ እቲ ሓደ ኣብ ጨው ቀትሪ እቲ ሓደ ድማ ኣብ ደንን ስለ ዝፍጸም እዩ። እቲ ሓደ ደሎ ብደሎ፡ እቲ ካልእ ድማ ሓሊዩን ሓጊዙን እናተማሰልካ ምምራኽ ምኳኑ እዩ። እቲ ሓደ እናተጻረፍካን እናተቛየቐካን፡ እቲ ካልእ ግን ብስም ዲሞክራሲ፡ ርግኣት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ምዕባለ . . . እናዘመርካ እዩ።

ታሪኽ ወዲሰብ ዓለምና፡ ብምስትውዓል ንዘትንትኖ ሰብ፡ ኣሙት ሎሚን ጽባሕን ዝሃገር ሓቀኛ መዘኑብ እዩ። "ሎሚ ካበይ መጺኣ" ኢሉ ዝሓትት ሰብ እንተ ሃልዩ፡ ብቑዳምነት ክየገዝኦ ዘሎዎ፡ ንበይና ዱብ ኢላ ከም ዘይወደቐት እዩ። ጭራሕ ኣብ ኣመና ነዊሕን ዝተኣሳሰረን ፍጻመታት ከም ዘሎ ምስ ዝየገዝበ እዩ፡ ብጠበር ጥራይ ካብ ምፍራድ ክድሕን ዝኽእል። ንሎሚ ጽቡቕ ገይርካ ንኽትለልያን ኣሙት ጽባሕ ንኽትጭብጦን ኑቲ ኣብ ድሕሪት ዝተረፈ ወይ ብዙየን ዘሎ ርሑቓን ቀረባን መጺኢ. ብምስትውዓል ምፍታሽ የድሊ። "ንሎሚ ክትርደኣ እንተ ደሊኻ ንትማሊ ክትፍትሻ ኣለካ" ፒርል ባክ።

ኣዛ ሎሚ እዋን ኣብ ምትንታንን ምልላይን ውሑዳት ዘይኮኑ ፖለቲከኛታት ወይ እውን ግዱሳት ታሪኽ ክጋጉዩ ተረኣዮም እዮም። ኣብ'ቶም ጉሊሓም ዝተራእዩ ጉሉገለ ዓበይቲ ፍጻመታት ጥራይ ተመርኲሶም "ሎሚ ከምዚ ትመስል" ብምባሎም፡ ንወዲሰብ ጽቡቕ ገይሮም ከም ዘይተገዝበዎ ወይ እውን ኑቲ ማሳረት ከም ዝገሰዮዎ ዘሃድድ ምስክርነት ጥራይ እዮም ሂቦም።



ህሉውን ሕሉፍን ሂወት ወዲሰብ፡ ካብ'ቲ ዝጠዘሐ ሰብ ዝየገምቶ ዝተፈልየን ዝተሓላለኸን እዩ። ጥሙሕ ግቡታ ዘጻወዶም መርገቦት፡ እናሻዕ እናተተትዐ እዮም ዝቐጸሉ ዘለዉ። እቶም ዝያዳ ዝሰሰዑ፡ ኑቲ ናይ ዓመጽ ተግባራቶም ንምኽዋል ወይ ንምህሳስ፡ ዛዕባ ታሪኽ እንክለዓል ጸጽብቑ ሓርየም፡ "እዚ እዩ ታሪኽ ወዲሰብ. . ." ክብሉ እንክለዉ፡ ኑቲ ፐዳዩ ኣብ መዓሙቕ ብምንባር፡ ብጨቓቕ ዝበል ከየርከበ ኣእዳዎም ኣብ ምውጥዋጥ ይርከቡ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ብጻውታ ክቃላሕ ዝበር ግናይ ታሪኽ ሓያላት፡ ኣብ ከቡዲ ታሪኽ ዝቐበር እናኾነ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ኣኪያት ሰብ ሓይሊ. ዓለምና፡ ኣብ ህልቂት ናጋሳኪን ሂሮሽማን፡ ግፍዕታት ሂትለር ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ፋሽሽታዊ ተግባራት ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ኣፍሪቃ. . . ዘበቑዐ ብዘምስል ሜላ




በጨቕ ምሉኡ ኣይተረፈን። እቶም ተደብዮም ክነርፉ ዝተደልዩ ዝያዳ ዝኸፍኡ ውዲታት ግን ከም ዝተዓጽወ ፋይል ኣብ መኽዘን ዝተቐመጡ እዮም።

ንድኻታት ሃገራት ብዙዕባ ዝዋበር ሓገዝ፡ ልቓሕን ምስራዝ ልቓሕን ረድኤት. . .መልቲ መልቲ ዝጋዋሕ ፍጻመ እዩ። ሰላም፡ ምዕባለ፡ ርግኣት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ. . . ዝብሉ ሰናይ ነገራት፡ ካብ ምሓር ምስማዕ ናብ ተራ ቃላት ክሳብ ዝቕየሩ ኩይኖም ኣለዉ። እዞም ተዛረብቲ ኑቲ ቀንዲ ማሳረትን ጎደናን ክድህሰስ ዘይክኣለ ሰብ ትማሊ. ዝተፈጥሩ መሳኣኽቲ ኩይኖም ክረኣዩዎ ይኽእሉ ይኾኑ፡ መንኡት ወዲሰብ ግን ኣብ ማሳረቱን ማሳርሕ ኣመጻጽኣኡን እዩ ዘሎ። ታሪኽ ወዲሰብ ብሓቂ እንተ ዝፍተሸ ዝጠዘሐ፡ እቲ ሰናይ ዘይኮነ እቲ ብጻውታ ዘይቃላሕን ግናይን ታሪኽ እዩ። ናይ ሰሱዓት ዓመጸኛታት ደረት-ኣልቦ ምዝመዛን ግፍዒን።

ብዓበኡ ወዲሰብ ናይ ረብሓ ፍጡር እዩ፡ "ሰብ ፖለቲካዊ እንስሳ እዩ" ደዩም ዝበሉዎ!!ብቑዳምነት ረብሓኡ ክሕሉ ጥራይ እዩ ጸደፍደፍ ዝብል። እዚ ድማ፡ ኣብ ካልኦት ዘስዕቦ ዕንወትን ጸገምን ብዘየገድስ፡ ብዋጋ ካልኦት ዘይተኣደነ ረብሓ ክረክብ ወይ ኣብ ልዕሊ. ካልኦት ክብለጽ ዝስዕፍ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ፡ ምሉእ መዋእሉ ኣብ ምግባትን ምዕማጽን እዩ ኣሕሊፉዎ።

ሰሰዐ ወዲሰብ፡ ኣብ ሓያሎ ዓቕሚ ዘይብሎም ሕብረተሰባት ዝፈጠሮ ሰንበራትን ቀስልን፡ ኣብ ሎሚ ዝረአ ዘሎን ናይ መጻኢ. ኣመትን

እዩ። እምበኣር እዛ ሎሚ መዓልቲ፡ ብመሳልል ታሪኽ ኣቢላ ዝመጸኣትን ካብ'ዚ. መሳልል ክትንጸል ዘይትኽእልን ምኳና ዘይምቕባል፡ ኣብ ዓለምን ኩነታታን ዘይምህላው ማለት እዩ። ሎሚ "ኣነ እየ ዝሓልየልካ፡ ንዕብየትካ ዝሕግዘካ፡ ኣብ ሕሞቕ እዋን መዕቈቢ. ዝኾኑካ . ." ዝብል ኣካል ክርከብ እንክሎ፡ ብኣየናይ ጉደና ከም ዝመጸአ ክዝከር እንተ ዘይክኣለ፡ ምስ ዘሎ ትጽበት ምንባር ክኸውን እዩ። ደቂሰብን ታሪኾምን ብሓንሳብ እዮም ተፈጢሮም። ንበይናም ወይ ድሒሮም ዝተፈጥሩ ዘርኢ. መልኣኽ ዘለዎም ሰባት ወይ ሕብረተሰባት የለዉን።

በለጻኛታት ኣብ መንጎ ደቂሰብ ዝኣጎድዎ ሓዊ፡ ክሳብ ሕጂ ቃልቃል ወይ ድማ ፈኺም ይብል ኣሎ። እዚ. ድማ ረብሓ ደኣ'ምበር፡ ሓልዮት ወይ ምድንጋጽ ዘንቀሎ ኣይኮነን። ሓያላት ሃገራት፡ በብእዋኑን ብስውርን ዝኣጕዳኦ ሓዊ፡ ከም ለቦዳ ናብ ፍቓዶ ኩርናዕ ዓለምና እዩ ዝዘርጋሕ ዘሎ። ማዕበናት ዜና ዓለም፡ ሞትን ዕንወትን ዘቓልሓላ መዓልቲ ትኽሰስ ኣብ ዘይብሉ እዋን በጺሕና ኣለና። "ዲሞክራሲ. - ፍትሒ. - ሰላም - ምዕባለ . . . እናበሉ ሰበናዩ ዝረቑሑ መራሕቲን ሰበስልጣንን ዓለምና፡ እቲ እናሻዕ ዘደጋግሙዎ ጥዑም ዘረባ፡ ንዓኣቶም ጥራይ ከም ዝተሓዝዘ፡ ናይ ካልኦት ሃገራትን ህዝቡታትን ሰላምን ርግኣትን ክዘርጉ ከይደቀሱ ይሓድሩ ኣለዉ። ኣብ ልዕሊ. ጸለምቲ ደቀ'ባት ዕሉታዊ ግፍዒን ሞትን እናወረደ፡ ኣጻብዕቶም ናብ ካልኦት እናኣወጣወጡ፡ ፍትሒ፡ ዲሞክራሲ. . .'ተጣሒሱ" እናበሉን እናኸሰሱን ይነብሩ ኣለዉ።

እሞኸ ደኣ፡ ካብ'ዞም ምሉእ መዋእሎም ዓለም ናይ በይኖም ክገብሩዋ፡ ኩሉ ዝኽእሉዎ እኪይ ካብ ምእላም ሲጋእ ኢሎም ዘይፈልጡ ሓያላት እንጽበዮ ነገር እንታይ እዩ? ክሳብ ሕጂ ብድኽነትን ግጭት ሓድሕድን ዝሕመሳ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ምድሪ ቤተን መርገም ስለ ዝፈልሓ ኣይኮነን። ከም ለቦዳ ባርዕ በብጊዜኡ ብህወክት እናተጕብኡ፡ ህዝበን ንሓድሕዱ እናተሃናኸተን እናተበታተነን ዝቐጸላ ዘለዋ ሃገራት ኣዕራብ፡ ኣብ ጉጅ መሬተን ክሳብ ኣብ ከምኡ ዘበጽሕ እኾኽ ስለ ዝፍለ ኣይኮነን።

ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ምትፍናን ዝርከብ ሃገራት ኤሽያ እውን ጉዳየን ብሰላም ክፍታሕ ስለ ዘይክእል ኣይኮነን። እቲ ዘሕዝን ድማ፡ እቲ ናይ ሰሰዐ ሓደኛ ውዲታት ጌና ከላልያኦ ዘይምኽኣለን እዩ።

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ከተማ ቬሮና

ከተማ ቬሮና ኣብ ደቡባዊ ኢጣልያ ኣብ ዝርከብ ዞባ ቬኑቶ ትርከብ ሓንቲ ካብቶን ብበጽሒቲ ኣገዳሲ ዝበሃጋ ከተማታት ዓለም እያ። ብስፍሓታ ኣብ ደቡባዊ ኢጣልያ ካብ ዝርከባ ከተማታት ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ትስራዕ። ብሳላ ዘለውዋ ጥንታውያን ናይ ንግስነት ሮማ ቅርስታት ብዙሒ በጽሒቲ እትውንን ከተማ ቬሮና፡ ብዩኔስኮ (UNESCO) ሓንቲ ካብቶም ናይ ዓለምና ናይ ውርሻ ቦታታት ዝብል ክብሪ ዝረኸበት እያ። ብዛዕባ መበቆላውነት ጥንታዊት ከተማ ቬሮና ብንጹር ዝፍለጥ መግለጺ እኳ እንተዘየለ፡ ኣብ 89 ዓ.ም ቅ.ል.ክ. ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማውያን ከም ዝኣተወት መዛግብቲ ታሪኽ እታ ከተማ ይሕብሩ። ኣብ 59 ዓ.ም ቅ.ል.ክ ድማ እዚ ቬሮና ዝብል ስም ክትሕዝ ክኢላ።

ከተማ ቬሮና ኣብ ቀረና ቦታ ዝተደኮነት ብምዃና፡ ብዘለዋ ኣገዳስነት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ጉዳይ ዝተፈላለዩ ውግኣት ኩይና እያ። ካብ ፈለማ 5ይ ዘመን ኣትሒዙ ንዋንኡት እታ ከተማ ንምቅጻጽር ተደጋጋሚ ውግኣት ተኻይዶም እዮም። ኣብ ዘመና ዝተፈላለዩ ነገስታት ከም መንበሪ ንጉሳውያን ቤተሰብ ኩይና ድማ ተገልግል ነይራ። ብዘርከበቶ ኣዝዮም ብዙሓት ጥንታውያንን ኣገደስቲን ታሪኻውያን ህንጻታት ሓንቲ ካብ ወርሻውያን ቦታታት ዓለምና ናይ ምዃን ክብሪ ዝረኸበት ከተማ ቬሮና ንናይ ቀደም ንግስነት ሮማውያን ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ነገራት ትውንን እያ።



ሓደ ካብቶም መለለዪ እታ ከተማ ዝኾኑ ህንጻታት፡ እቲ ብ'ፒያሳ ብራ' ዝፍለጥ ዓቢ ጥንታዊ ኣደባባይ እዩ። እዚ ኣደባባይ እዚ ድሕሪ እቲ ኣብ ከተማ ሮማ ዝርከብ ብኮሎሰዩም ዝጽዋዕ ኣደባባይ ከምኡ ድማ፡ ኣብ ካፑዋ (ደቡባዊ ኢጣልያ) ዝርከብ ኣደባባይ ብሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ። 139 ሜትሮ ንውሓትን 110 ሜትሮ ናይ ጎድኒ ስፍሓትን ዘለዎ ፒያሳ ብራ፡ ኣብ ሓደ እዋን ክሳብ 25,000 ሰባት ክኣንግድ ዝኽእል ሰፊሕ ኣደባባይ እዩ። ኣብ ግዜ ነገስታት ሮማ ንዝተፈላለዩ ናይ መዘናግዒ መደባት ዘኣንግድ ዝነበረ ኣደባባይ፡ ኣብዚ እዋን እዚ እውን እቲ ውሽጣዊ ክፍሉ ንዝተፈላለዩ ህዝባውያን ኣገልግሎታት ክፉት እዩ። ኣዳራሽ ናይ ጥንታዊት ሮማ ትያትር እቲ ኻልእ መለለዪ ከተማ ቬሮና እዩ። ኣብ ቀዳማይ ዘመን ቅ.ል.ክ. ዝተሃንጸ እዚ ኣዳራሽ እዚ፡ ምስ ግዜ እናኣረገ ብምምጽኡ ከም መንበሪ ኣባይቲ ተወሲዱ። ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መበል 18 ዘመን ኣንድርያ ሞንጋ ዝተባህለ ሃብታም ውልቀሰብ ንኹሉ እቲ ህንጻታት ብምግዛእ ኑቶም ከም መንበሪ ተባሂሎም ዝተሃንጹ ኣባይቲ ብምፍራስ ህላወት እዚ ጥንታዊ ቅርሲ ዝኾነ ኣዳራሽ ከም ዝቕጽል ገይሩ።

ብተወሳኺ ከም "ኣርኮ ዴ ጋቪ" ስራሕ ናይቲ ወሩይ ኑዳፈ ስነ ህንጻ ዝኾነ ሉዊስ ጎርዶ፡ "ቦርታ ቦርሳሪ"ን ካልኦት ኣደናቒቲ ስራሓት ንኸደናታትን መንገድታትን ከተማ ቬሮና ስሕበት ዝፈጥሩ እዮም። 'ሳንታ ኣናስታዝያ' ኣብ 1290 ተጀሚሩ ኣብ 1481 ዝተዛዘመ ዓቢ ቤተክርስትያን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ በጽሒቲ እታ ከተማ ዕግበት ዝፈጥሩ ልዑል ጥበብ ቅዲ ህንጻ ጥንታውያን ሮማውያን ዝገልጹ ህንጻታት እዩ። ኣብ ብዙሓት ስርሓት ናይቲ ወሩይ ደራሲ ዊልያም ሸክስፒር ትጥቀስ ከተማ ቬሮና፡ ኑቶም ከም መግለጺ ጽኑዕ ፍቕሪ ምዃናም ዝገልጹ ሮምዮን ጁልየትን - ኣብታ ሮምዮን ጁልየትን እትብል ስርሓት ሸክስፒር ዝኾኑት ድርሰት ዝሳበሩላ ከተማ ቬሮና ኩይና ብምጽዋዓ ብብዙሓት ሰባት "ከተማ ሮምዮን ጁልየትን" ዝብል መጸውዒ ስም ይወሃባ እዩ።

## ብዛዕባ ዓለባ ሳሬት

ሳሬት ከም ሙብዝሕትኦም ፍጡራት ቀጻልነታ ከተውሕስ ዝተፈላለዩ ሓሳኹ ዝሕዘላ መርበብ ወይ ዓለባ ሳሬት ተዃሉ እያ። ዓለባ ሳሬት ዝኾነ ናብኡ ዝቐረበ ሓሰኻ ይኹን ጣንጡን ሃመማን ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ኣለዎ። እቲ ዘገርም ግን፡ ነታ ሰራሒቱ ሳሬት ኣይሕዝን'ዩ። እዚ ስለምንታይ ይኸውን? ሳሬት፡ ኑብሳ ካብቲ ባዕላ ዝዳለወቶ መርበብ ንምድሓን ዝተፈላለየ ጥበብ ከም እትጥቀም ግምት ብዙሓት ስነፍልጠታውያን እዩ። ኣብ 2016 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረ፡ ሳሬት ካብዚ መርበብ'ዚ ንምድሓን እትጥቀመሉ ክልተ ጥበብ ኣለዋ። ንሳ ጸጉርን ቅብኣት ዘለዎ ኣእጋርን ስለ እትውንን'ዩ ካብዚ ንበዙሓት ኣጣቢቑ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ዓለባ እተምልጥ። ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ ድማ፡ ሳሬት በቲ መርበብ ከይትተሓዝ ኣእጋራ ኣብቲ ዘጣበቐ ኩርናዕ ትረግጽ ምዃናን'ዩ ክብል ሓቢሩ።



## ናይ ምዝካር ክእለት ንምሕያል

- ነቲ ነገር ኣብ ኣእምሮኻ ምቕራጽ ፈለማ ባህርያዊ ሕጊ ምዝካር፡ ክትዝክሮ ንእትደሊ ነገር ብሩህ ክሳብ ዝኾነልካ ኣጸቢቕካ ኣጽንዖ። እዚ ንምግባር ከኣ፡ ነቲ ነገር ጥልቕ ኢልካ ክትዕዘቦ ኣለካ። ንሓደ ነገር ዓመት ምሉእ ሳዕሊ ሳዕሉ ካብ ምርኣይ ናይ ምዝካር ክእለት ንምምሕያሽ ንሓሙሽተ ደቒቕ ብምሉእ ኣቓልቦ ምጽንናዑ ዝበለጸ ውጽኢት ኣለዎ።
- ደጋጊምካ ብዛዕባኡ ምሕሳብ

እቲ ካልኣይ ባህርያዊ ሕጊ ምዝካር፡ ደጋጊምካ ምሕሳብ እዩ። ብዛዕባ እቲ ደሊኻዮ ዘለኻ ደጋጊምካ ብምሕሳብ ስፍሪ ዘይብሉ ምዝካር ከም እትኽእል ይጉብረካ። ክትዝክሮ ዝደለኻ ደጋጊምካ በሎ ወይ ከኣ ሕሰቦ፡ ኣብ ስራሕ ኣውዕሎ። ክትዝክሮ ንእትደሊ ንኣብነት ሓድሽ ቃል እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብ ዘረባኻ ተጠቐመሉ። ጥልቕ ኢልካ ከይተረድኣካ ተዓማጢትካ ምድግጋሙ ግን ዋጋ የብሉን።

- ምስ ካልኦት ነገራት ምዝማድ



እቲ ሳልሳይ ባህርያዊ ሕጊ ምዝካር፡ ነቲ ክትዝክሮ እትደሊ ኣርእስቲ ምስ ካልኦት ነገራት ምዝማድ'ዩ። እዚ ማለት ክትዝክሮ እትደሊ ነገር ምስ ቀድሚ ሕጂ ትፈልጦም ነገራት ኣተኣሳሲርካ ናይ ምዝካር ሜላ'ዩ። ዝማዕበለ ክእለት ምዝካር ኣብ ዝጸፈፈ ናይ ምዝማድ ብልሓት ዝተመርኮሰ'ዩ። ጽፈት ምዝማድ'ውን፡ ኣብ ክልተ ነገራት ይውሰን። እቲ ሓደ ብዚይ ምቕራጽ ምዝማድ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ብዘመዛዝገብናዮ ከዛዝምዶ ብእንኽእል ፍልጠት ዝውሰን ዓቕሚ'ዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ እኹል ሰዓታት ድቃስ ምህላው ዓቢ ተራ ኣለዎ።

## ጥቕስታት

- "ካብ ሕሉፍ ናብ ህልው ምእንቲ ክትሰጉም፡ ነቲ በሰላኻ ክትቕበሎ ኣለካ፣" - ፓውሎ ኮልሆ
- "ጽቡቕ ህይወት ዝብሃል ውትሩ ሕጉስ ምስ እትኸውን፡ ጽቡቕ ሕልሚ (ራእይ ዘለዎ) ምስ እትሓልም፡ ብዙሕ ምስ እትስሕቕን ብትሕዝቶኻ ክሳብ ክንደይ ዕድለኛ ወይ ዝተባረኽካ ምዃንካ ምስ እተስተውዕልን'ዩ።"- ዘይተፈልጠ
- "ዝ ዕለት ሕጉስቲ ወይ ዘይሕጉስቲ ናይ ምግባር ምርጫ ናተይ'ዩ። ትማሊ ዝሞተት መዓልቲ፡ ጽባሕ'ውን ርግጸኛ ኩይነ ዘይፀረብኣ ዕለት'ያ። ኣነ ዝፈልጣ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ'ያ። ንሳ ኸኣ ሎሚ'ያ።" - ጉርጆ ማርክስ
- "ናይ ጽባሕ መጀመርታ ሎሚ እምበር ጽባሕ ኣይኮነን።" - ጆን ፓወል
- "ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንኹብሰይ ንግሆ ንግሆ ከየቋረጽኩ ደጋጊመ ኣብ መስትያት ርእየያ። ንኹብሰይ ከኣ ከምዚ ክብል ኩሉ ግዜ እሓታ፡ "ሎሚ እታ ናይ መወዳእታ መዓልተይ እንተትኸውን እንታይ ምገበርኩ?" ኩሉ ግዜ ከኣ ከምዚ ኢለ እምልሰ፡ "ካብቶን ዝሓለፋ መዓልታት ዝበዝሓ መዓልቲ ኣሎ። ስለዚ ሓደ ነገር ዝፈለጥኩዎ፡ ኑብሰይ ካብ ሎሚ ጀሚረ ክቕይራ ከም ዘለኒ'ዩ።"- ስቲቭ ጆብስ

## ካብ ጌጋኻ ምምሃር

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ናይ ህይወትካ፡ ጽልዋኦም ኣዝዩ ደቒቕ'ዩ ኢልካ ዝሓሰብካዮም ብዙሓት ውሳኔታት ወሲድካ ትኸውን ኢኻ፡ የጉዳስ ደግም ናይ ኩሉም ውሳኔታትካ ኣብ መወዳእታ ወጽኢት እዚ ኳንቶ ዘለኻ ክትከውን ኣብቂዑካ ኣሎ። መን እሞ'ዩ ጌጋ ዘይፍጽም፡ እቲ ዝዓበየ ጌጋ ግን ሓንቲ ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ ግዜ ኣብ ንዅርእሰኻ ዝበርካ እምነት ምስ እተጥፍእ'ዩ።

ኣብ ክንድኡስ ነቲ ጌጋ ስለምንታይን ብኸመይን ከም ዝፈጸምካዮ ምምርማር እቲ ዝበለጸ'ዩ። ካብቲ ጌጋ ክትምሃሮ ዝግብኣካ ምስ ተመሃርካ፡ ንዕኡ ንድሕሪት ብምግዳፍ ንቕድሚት ስጉም፡ ኣብ ዝቕጽል ድማ ዝበለጸ ክትሰርሕ ሕሰብ። ምስ ጌጋ ኣብ እትፋጠጠሉ እዋን እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ዘይምፍላጥ ናብ ዝኸፍአ ጌጋ ከምርሓካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። ብኣዝዩ ብዙሕ ጌጋታት ዝተጎብአ ሓንገል ክትሃንጽ ይከኣለካ'ዩ። የጉዳስ ብኣንጻሩ'ውን ብቐኑዕ ጥራይ ዘለኸልኽ ስኡእምሪዊ ከኾት'ውን ዘይክኣል ኣይኮነን። እቶም ዝዓበዩ ሓይልታት ናይዛ ዓለም፡ ቅንዕናን ጌጋን እዮም። ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ይኹን ውልቀሰብ ብምዃን ከኣ ኣብ ዘቋርጽ ዓውደ ኩናት ደርከቡ። ኣእምሮኻ ብጌጋታት ዝተመልአ እንተኾይኑ፡ ጌጋ እቲ ዘይጸዓድ ብምዃን ንኹሉ ተግባራትካ ዓብለሉ ጌጋ ንኽትፍጽም ክደፋፍኣካ'ዩ። ኣብ ከምኡ ኣጋጣሚ ቅንዕና ዘይብሉ ሓሳባት ትሓስብ፡ ዝንበዕ ርድኢት ይህልወካ፡ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ትበጽሕን ጌጋ ስጉምትታት ትወስድን። ብኣንጻር ናይዚ፡ ኣእምሮኻ ብቕኑዓት ሓሳባት ዝተመልአ እንተኾይኑ፡ ብቕኑዓት ሃዋህው ኢኻ ትኽበብ፡ ቅኑዕ ርድኢት ስለ ዘለኩ፡ ውሑድ ጌጋታት ጥራይ ኢኻ ትፍጽም። እቲ ምንታይሲ ነቲ ሓቂ ፍለጦ'ም እቲ ሓቂ ናጻ ክሰደካ'ዩ። እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ገለ ሓሳባት ኣብ ህይወትካ ብዙሕ ጌጋታት ከይትፍጽም ዝሕግዙ ሜላታት እዮም፥



- ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ እዋን ተስፋ ኣይትቑረጽ። ጌጋ ምፍጻም መወዳእታ ናይ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን።
- ብህድኣትን ነጥቢ ብነጥብን ንጌጋኻ ፈትሾ። ኩሉ ክትመሃሮ ዝግበኣካ ካብ ጌጋኻ ተመሃር፡ ብድሕሪኡ ብሓድሽ መንፈስ ተበገስ።
- ናይ ሕሉፍ ጌጋታትካ ስእሊ ኣእምሮ ኣይሃልኻ። ምኽንያቱ ጠንቂ ድፍኣት ዳግማይ ውድቀት ክኸውን ስለ ዝኽእል።
- ንጌጋ ናይ ምብዳህ ውሽጣዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ።
- ንባህርኻ ኣመሓይሾ ንኣተሓሳስባኻ እውን ኣስፍሓዮ። ብድሕሪኡ ክወንዚታዊ ሓሳባትን ስጉምትታትን ክትውንን ኢኻ።
- ብፍርሕን ካልእን ዝጠበሱ ንሞራልካ ዘዳኽሙ ቀዳዳት ዕጸዎ፡ ብዑብሽኻ ኩሬዕ።
- መዓልታዊ ዓወታት እምበር ውድቀት ዘይምህሩ ጽሑፋት እናንበብካ ንኣእምሮኻ ኣዳልዶ።
- ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ከም እትሰርሕ እመን። ኑብሰኻ ናብ ዕብየት ትሰጉም እንተ ዘይሃልያ ኣኽሊዋ'ዩ ኣይትበል። ካብ ንዝበለጸ ጉዕዞ ምፍታን ኣይተቋርጽ።
- እቲ ዝልዓለ ናይ ኩሉ ግዜ ውልቃዊ ፈተና፡ "ኣነ ቅኑዕ ሰብ ድየ?" እናበልካ ንዑብሽኻ ምውካስ'ዩ። ቅኑዕ እንተ ኾንካ፡ ነገራት'ውን ቅኑዓት ክኾኑልካ እዮም።



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ሰባት ነቐፌታዶ መአረምታ ይቐለና!

ሓደ እዋን እዩ፣ ሓደ ስኣላይ፡ ሓንቲ ስእሊ ኣብ ወረቐት ስኢሉ ኣብ ጽርግያ ኣቐመጣ። ኣብ ጎድኒ እታ ስእሊ ድማ፡ "ዝኸበርካ ኣስተማቓሪ፡ ኣብ'ዛ ትዕዘብ ዘለኻ ስርሓተይ ዝኾነ ጌጋ እንተ ረኺብካ ብድሕሪት ኣብ ዘሎ ጻልጣ ቦታ ጽሒፍካ ርእይቶኻ ግደፈለይ" ዝብል ጽሑፍ ኣቐሚጡ ገዲፋዋ ናብ ቤቱ ተዓዝረ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ዝሰዓበ ግዜ፡ ብዙሓት ኣስተማቐርቲ ጥበብ ኣብ'ታ ዝተዓዘብዎ ስእሊ፡ ዝተራእየም ጌጋታትን ርእይቶታትን ጸሓፍምሉ ክኸዱ ተራእዩ። እቲ ናብ ቤቱ ዝምረሐ ወናኒ ናይ'ታ ስእሊ፡ ካብ ተዓዛብቲ ንዝተረኽበ ርእይቶታት ንምርኣይ ናብታ ገዲፋዋ ዝኸደ ስርሓቱ ተመልሰ።

ነታ ገዲፋዋ ዝኸደ ስእሊ ብማዕዶ ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ ናይ ቦታ ምቕይያራት እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ዝተዓዘቦ ነገር ኣይነበረን። እቲ ንምምዕባል ወሸጣዊ ዓቕሙ ኣገዳሲ ኢሉ ዝኣምኖ ነቐፌታን ርእይቶን እናተጸበየ፡ ርእይቶ ከይተጻሕፈ ክይጸንሖ እናተሰከፈ፡ ናብ'ታ ስእሊ በጺሑ። ዘይከም ትጽቢቱ ግን፡ ብድሕሪ እታ ስእሊ ዝበረ ናጻ ቦታ ክፉል እታ ስእሊ ብዙሕ ርእይቶን ነቐፌታን ተወቂጡ ጸንሖ።

ንዝረኸቦ ግብረ-መልሲ ዝተዓዘበ ስዑ ጥበበይ፡ ንጌጋታቱ ዝኣረመሉ መበርሂታት ብምርካቡ ተደሲተ። እንተኾነ ነታ ብጦዚኢ ርእሱ ዋላ ሓንቲ ኣብር የብላን ኢሉ ዝደምደማ ስእሉ፡ ካብኡ ወጻኢ ካልኦት ሰባት ብኸመይ መንገዲን ኩርናዕን ክጥምትዋ ከምዝኽእሉ ንምፍላጥ ነቲ ዝበረ ጽሑፋት ደምሰሶ። ድሕሪ'ዚ፡ ርእይቶታት ሰባት ዘይትካስ ግብራዊ ተብዮሎን ሓገዘን ሰባት ስለ ዘበደሶ፣ ኣብታ ስእሊ ደገመ፡ "ክቡር ተዓዛቢ፡ ኣብ'ዛ ስእሊ ዘለኻ ርእይቶን ነቐፌታን በጺሑኒ ኣሎ። ኣዝዩ ድማ የመስግን። እንተኾነ፡ ደገምካ ተዓዚብ'ሞ ዝኾነ ጌጋታት እንተ ረኺብካ ከተመሓይሸን ከተዕርየን ፈትን" ዝብል ጽሑፍ ገዲፉ ናብ ቤቱ ተመልሰ።

ድሕሪ'ዚ እቲ ስዑ-ጥበበዥ ካብ ሰባት ክውሕዝ ዝኽእል ርእይቶታትን ነቐፌታን ንጌጋኡ ዝኣርም ዋላ ሓንቲ ግብረ-መልሲ ክረክብ ዘይምኽኣሉ ከኣ ኣዝዩ ኣሰደመሞ።

ጉዕዞ ህይወትካ ንኽተምዕር ኣብ እትገብሮ ቃልሲ፡ ንዚጋጥመካ ሃንፋት፡ ኣብራትን ሕማቕ ናትካን ክርእዩ ዝምጽኡ ብቐጻሪ ክንደየናይ ውሑዳት ከይኮኑ። ካብ'ቶም፡ ነቲ ዘለኻዮ ደረጃን ኩነትን ብምብጻሕካ ጥራይ፡ ኣጆኻ ዝብሉኻን ተሰፋ ከስንቑኻን ዝፍትኑ ሰባት ንላዕሊ፡ እቶም "ከምዚን ከምቲን ብዘይ ምግባርካ..." እናበሉ፡ ክነቕፉኻን ክኣእሱኻን ኣእዳዎም ናጥካ ክወጣውጡ ወረር-ወረር ዝብሉ ደብዘሉ። ኣብ'ዛ ዛንታ ናይ'ዚ ስዑ-ጥበበዊ ዘለው ሰባት'ውን እንተኾኑ፡ እዚ ባህሪ ከንጸብርቑ እዮም ዝፍትኑ። እዚ ከኣ ሰባት፡ ነቲ ትገብሮ ጽቡቕ ዘይርካ ነቲ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ምኽንያት ክትገብሮ

ዘይትካሱ ንምትዕርራያ ብዘጉበርዎ ጻዕሪ ኣብ እንታይነት እታ ስእሊ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ እናተራእዮ ናብ'ቲ ቦታ ገስገሰ። ኣብ'ታ ስእሊ ተቐሚጦትሉ ዝበረት ቦታ ኣብ ዝበጽሓሉ ድማ ነቲ ዝርኣዮ ምእማኑ ተጸገመ። ምናልባት ኣዒንቱ ጌጋ ትዕዘብቲ የርእያኦ ከይህልዋ ንምርግጋጽ፡ ደጋጊሙ ብኣእዳዉ ደረዘን። ለውጢ ግን ኣይረኣየን። ዘይከም ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝረኸቦ ነቐፌታን ርእይቶን

ዘይክእልካ ነገራት፡ ዝያዳ ከማዝተኩሩ የረድኣካ። ኣበራትካን ጌጋታትካን ኣብ ክንዲ ዘተዓራርዩልካ፡ ዝያዳ ንምንቃፍካን ንምድሃልካን ከም ዝሰርሑ ትግንዘቡ። ስለዚ፡ እቲ ዘለካ እንኮ ኣማራጺ፡ ሰባት ዝበሉ ይበሉ፡ ነቲ ክትበጽሖ ዝደለኻዮ ሸቶ ኣብ ማዕልቦኡ ንምብጻሕ፡ ጉዕዞኻ ዘይምቁራጽ። ብቐንዱ'ውን ሰባት ንጌጋኻ ኣብ ክንዲ ዝኣርሙ ንጌጋኻ ክነቕፉ ከምዝቐልሎም ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።



## ሕያዋይ ኩን!

ወላ'ኳ፡ ዘለኻዮ ዘመን ኣንጻር እቲ ቅኑዕዩ ኢልካ እትኣምኖ ኩነት ይጉዓዝ፡ ንስኻ ግን ቅኑዑን ሕያዋይን ኩን። ብጠበርቲ እኩይን ዓመጸኛታትን ኣይትጸለ። ንክትሪ ሓቅኻ ኣንጻርም ኣልዕሎ። ንዝሓዘ ልቢ ኣጸናንዖ፣ ንዝሑብዓ ኣዒንቲ ንብዓተን ድረዞ፣ ኑቶም ብሕትወናን ተጸሊኦን ዝተሰምዖም ሰባት ብጺይ ኩኖም። ንቐረብትኻ እሙንን ክቡር ዘለዎን ሰብ ኩን።

ሽዑ! ሕያውነትካ፡ ኣብ ገጽ-ርእሰኻን ኣብ'ቶም ኣብ ዙርያኻ ዝርከቡ ሰባትን ሓጎስ ክፈጥር ክትዕዘብ ኢኻ። ኣብ ሂወት ካብ'ዚ ዝተገልጸ ዝበልጽ ሰናይ ነገር የልቦን። ሰባት ኢና፡ ይሓስመና ይጥዕመና፣ ይጸልምተና ይበርሃልና። ካብ ሓደ'ኳ ኣብ ውሱን ወቕቲ ዝኮበር ሰብ የብልናን። ዝሾንካ ኩን ዝሃለወ ይሃልኻ፡ ሂወት ብዘይ ሰባት ኣይትማዓሞቕን እያ። ኣብ ሕማቕ ኢጋጥሞ፡ "ሕድገት" ግበር። ኣብ ጽቡቕ ኢጋጥሚ ይኹን ፈታዊ ሃዋህው እጃምካ ኣበርክት። እዚ ባህሪ'ዚ፡ ሰባት ኣጦኻ ዘለዎም ኣረኣእያ እወታዊ ክኾውን ወሳኒን ጸላውን ተራ እዩ ዘለዎ።

ብዙሓት ፈተውቲ ዘለውዎ ሰብ፡ ኣብ ግዜ ሓጎሱን ሓዘኑን ካብ ጎድኑ ወትሩ ኣይፍለይዎን እዮም። እዚ ኸኣ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ሰባት ዘለዎ ኣኽብሮትን ሰናይ ነገር ናይ ሰባት ዝምነን ምኻኑ እዩ ዘመስክር። በዚ መሰረት፡ ፈጺሙ ብሕታውነት ክስመየ ኣይክእልን። ስለዚ፡ ንጉልበትካን ንዋትካን ከየብቈቕካ ኣብ ሓገዝ ካልኦት ሰባት ኣውዕሎ። ሂወት ተፍርሕ እያ'ሞ ተመኩሕ ኣይትኹን። ኣብ ህይወት ዘጋጥሙ ክስተታት ሰሓቕ፡ ንብዓት፡ ሓጎስ፡ ሓዘን፡ ወዘተ. ኩይናም፡ ከም ኩነታተም መጸእትን በጽትን - ግዝያውያን እዮም። ጸባሕ ነገራት ክጦብጡ ስለ ዝኽእሉ፡ ወዲ-ሰብ ድማ ወዓሉ ሓዲሩ ዝርከብ ስለ ዘጽድድ፡ ሰናይ ግብሪ ዝራእ።

ኣስተውዕል! ጠንቂ ውድቀትን ሓዘንን ካልኦት ሰባት ከይትኾውን ንብሰኻ ፈትሾ።

ኣስተውዕል! ብሰንክኻ ዝሑብዓ ኣዒንትን ዝሓዘነ ልብን ከይህልዋ ኣኪይዳኻ መርምር።

ኣስተውዕል! ብሰሓቕካ ቃንዛ ካልኦት ትዓብጥ ከይትህሉ ተጠንቀቕ።

ኣስተውዕል! ንካልኦት ድቃስ ከለእካ ትድቅስ ከይትህሉ ርእሰኻ መርምር።

ኣስተውዕል! ንካልኦት ረገጽካ ትልዕል ከይትህሉ ከብቢኻ ተዓዘብ።

ኣስተውዕል! ንካልኦት ኣህሲስካ ትደምቕ ከይትህሉ ሕልናኻ ኣሰርሓዮ።



## ካብ ዛዕባታት ለውጢ

ኣብ ህይወትና ክመጽእ እንደልዮ ለውጢ፡ ሰብ ወይ ግዜ ዘምጽኣልና ኣይኮነን። ብጦዚኢ ርእስና ጸዒርናን ሓርቶትቶት ኢልናን ኢና እነምጽኦ። ብዙሓት ፈላስፋታት እውን ቀዳሞት ተዋሳእቲ ናይ'ቲ ኣብ ህይወትና ክመጽእ እንደልዮ ለውጢ፡ ባዕላትና ምዃንና እዮም ዘረድኡ። ዓወትን ምዕባለን ዝመጽእ፡ ኢድካ ኣጣሚርካ ብምጽባይ ዘይኮነ፡ ብፍትና ንጡፍ ተዋሳኣን ተበግሶን ዝርከብ ምዃኑ የገንዝቡ።




ኣርኖልድ ቡት ዝተባህለ ፈላስፋ፡ ክፉት ኣእምሮ ምህላው ቀዳማይ ውልቃዊ ስጉምቲ ናይ ለውጥን ዕቢየትን ምዃኑ ይሕብር። ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ መስርሕ ለውጢ ወይ ዕቢየት፡ ብዙሕ ሓርኰትኰት ብድሆታትን ከምዝሎ ምግንዛብ፡ መሰረታዊ ጉዳይ ምዃኑ ይገልጽ።

ሮይ ቡት ዝተባህለ ፈላሳፋ ድማ፡ "ከምቲ ሓደ ሰብ ምስ ሰሓቐ ኩልና እንስሕቕ፡ ርእሱ ዝለወጠ ወይ ኣብ ጉዳይ ርእሱ ዕብየት ዘምጽአ ሰብ፡ ንካልኦት ብእወታ ክልውጦምን ናብ ጉደና ዕብየት ክመርሖምን ኣይጸገሞን እዩ" ይብል። ንሱ ኣሰዒቡ፡ እትወስዶም ምርጫታት ነቲ ክትገናጸፎን ክትበጽሖን ሓሊንካ ዘለኻ ዕላማ ስለዝጸልውዎ፡ ክንጥንቀቐሎም ይመክር። ካብ'ቶም ምስ ዕላማኻን ራእይኻን ክትጎዓዝ ዘይንቅጹኻ ሰባት ምርሓቕ እውን ንዕኡ፡ ናይ ፈለማ ስጉምቲ ናይ'ቲ ክትበጽሖ ደሊኻ ዘለኻ ለውጢ ወይ ዕቢየት ከምዝኾነ የጽር። ኑቶም ኣብ መስርሕ ዘጋጥሙኻ ነገራት፡ ከም ክውንነቶም ተቐቢልካ፡ ናብ ረብሓኻ ምልዋጦም ድማ ክኑስ ዘይብሉ ቅድመ-ኩነት ምዃኑ ይሕብር።

**ቤተልሄም ስመረ ካብ ኣስመራ**

> ### ንፍሸኽታ
> ሓደ መምህር ንተመሃሮኡ ፈተና ከምዝሰዎም ሓብርዎም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብታ ዝተጠቐሰት መዓልቲ መርመራ ኣካየደሎም። ብድሕሪ'ዚ፡ ውጽኢት ፈተና ንተመሃሮኡ ክህቦም ጀመረ። ኣብ ከም'ዚ ግዜ፡ ሓደ ካብቶም ተመሃሮ ነታ ካብ 10 ከም ዝተሓሰበት ትሕብር ዝበረት ወረቐቱ እናጠመተ፡ ይስሕቕ ነበረ። እቲ ተመሃራይ ክስሕቕ ዝኸኣለ፡ 0 ካብ 10 (0/10) ከም ዘምጽአ ተመልክት ዝበረት ውጽኢቱ ብምርኣዩ ነበረ። ብተግባር እቲ ተመሃራይ ኣዚዩ ዝተገረመ መምህር፡ ናብቲ ተመሃራይ ብምቕራብ፡ "እንታይ ኮይንካ ደኣ ትስሕቕ ኣለኻ?" ክብል ሓተቶ። እቲ በሃም ተመሃራይ ድማ፡ "ከመይ ዘይስሕቕ ደኣ፡ ረኣዩዎ እንዶ መምህረይ፡ ክደፍኖ'ኮ ብቐድሚት ሓደ ጥራይ እያ ጉዲላትኒ" ክብል መለሰ።

## ካብ መዝገብ ክብረ ወሰን ዓለም

ኣብ ሙብዛሕትኡ እዋን፡ ቡቶም ከም መዛናግዒ ተባሂሎም ዝሰርሑ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኣብ ህይወት ዝስዕብ ጉድኣት፡ ብሓደገኛነቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ'ዩ ዝስራዕ። ብፍላይ፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ካብ'ቲ ከገልግሉሉ ዝኽእል ንላዕሊ ክትጥቀመሉ ምፍታን፡ ብዋጋ ነብስኻ ምጥላዕ እዩ ዝመስል። እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዓይነት መዛናግዒ ግና ክጆ ምዝንጋዕ ሓሊፎም ስሞም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ዓለም ንምስፋር ዝጥቀምሉ ሰባት ኣይተሳእኑን። በዚ መሰረት፡ እዚ ንጥፈታት'ዚ፡ ሓደ ካብቲ ብዝበዝሐ ግዜ ዝርአ ኣገራሚ ተርእዮ ኩይኑ ይርከብ።



ኣብ 11 ሓምለ 2006 ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ኢልቪንግቶን ተባሂሉ ኣብ ዝጸዋዕ ከባቢ ዝቕመጥ ኢንዳ ራይቲ ዝተባህለ ዜጋ፡ ከቢብ ቅርጺ ኣብ ዘለዎ መኪናዊ መንኮርኮር፡ ኣብ ሞተር ብሽክለታ ብምውጣእ፡ ኣብ ሰዓት 178.81 ኪሎ ሜተር ክሕምብብ ብምኽኣሉ፡ ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ክብረ ወሰን ክሰፍር በቒዑ ኣሎ። እዚ ንጥፈታት ዝተዓዘቡ ወገናት፡ ሓደገኛን ንህይወት ፈታኒን ኩነታት ብምባል፡ ነቲ በዚ እንግሊዛዊ ዝተዓመ ስራሕ ክነቕፍዎ ተራእዮም እዮም። ብዙሓት ሰባት ስሞም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ንምስፋር፡ ንህይወት ከበድቲን ፈተንቲን ተግባራት ካብ ምኽያድ ከም ዘይብሸሩ ብተደጋጋሚ ይንገር።

### ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ብኣፎም ዝዋዕኡም ከይመልሱ፡ ምስ ዳኛ ይበኣሱ።
ንገልያኻ ካብ ዘይትመልኮ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኣይትልኣኮ።
ተመሊስካ እትሓፍሶ፡ ተሃዊኽካ ኣይተፍስሶ።
ተመለስ ዘይብልዎ ኣሕዋቱ፡ ጸናሕ ዘይብልዎ መሓዙቱ፡ ጥፉእ እዩ ብኸንቱ።
ተማሂሩ ዘይመሃረ፡ ዘሪኡ ዘይሓጸረ፡ ቁሩብ ተደረ።
ምስ ህዙበኻ ጸቡ፡ ኣሳትያ ጸቡ።
ሕጹይ ባዕሉ ይምርጽ፡ ምሉእ ባዕሉ ይክዕ።
ምስ ተሓጻየት ምንኣሰይ፡ ተሰፉ ቁረጺ ቁረጺ ኑበሰይ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1. Position: Pastry and Bakery Chef De Parte

**Department: Employee Services/Village Service**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Preparing a wide variety of goods such as cakes, cookies, pies, bread etc. following traditional and modern recipes.
- Creating new and exciting desserts to renew the menus and engage the interest of customers. Pastry section experience is required.
- Able to work independently and self-sufficient.

**Essential Function**

- Assisting Pastry & Bakery chef on keeping pastry operation smooth.
- Developing new recipes for seasonal menus.
- Flexible working hours, including weekends and evenings, when necessary.
- Decorating pastries and desserts to ensure beautiful and tasteful presentation.
- Identification and hazard awareness and maintaining a safe environment.
- Communicating with pastry and bakery chef on daily bases and generating recipes/menu as required.

**Unique Requirements/ Other Information**

- Pastry section experience is required.
- Developing new recipes for seasonal menus.

| Qualifications |
|---|
| • Grade 12 |
| **Knowledge and Experience** |
| • 02 years working experienced working with similar related operations will be advantageous.<br>• One who worked as pastry and baker demi chef de partie more than three years.<br>•Good communication skills, one who can understand local language and English |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| Attention to detail<br>Problem Solving Skills<br>Mastering the Art of Pastry Accuracy | Ability to work under pressure<br>Interpersonal skills,<br>Ability to work as a team but also work independently.<br>Ability to work toward strict deadlines<br>Results Oriented, Ability to multitask<br>Ability to work in multi – disciplinary environment |

### Position: Data Clerk

**Department: Employee Services/Village Service**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for handling all necessary data within the section.
- Collecting information, scanning, making copies and data entry.
- Responsible for ensuring various documents' accuracy.
- Taking minutes and proper follow up for required actions.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Assisting senior sous chefs on keeping their records.
- Collection and recording of all annual leave and sick leave, rostered days, and roster administration.
- Filling time sheet of catering per their absenteeism
- Provide essential daily, weekly, and monthly and quarterly reports as defined.
- Developing relevant files within the section
- Communicating with catering supervisor on daily bases and generating report as required.

**Unique Requirements/ Other Information**

- Maintaining Confidentiality
- Complying with deadlines
- Providing Feedback

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Grade 12<br>• Office Administration | •6-12 months computer experience and office work<br>•Knowledge of MS office (Intermediate, Excel, Word) |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Analytical Skill<br>Able to Understand English<br>Attention to details<br>Problem Solving Skills | Ability to multitask; Pleasant telephone manner<br>Interpersonal skills, Accuracy<br>Ability to work under pressure<br>Ability to work toward strict deadlines<br>Assertiveness, Results Oriented<br>Ability to work in multi – disciplinary environment |

## General Information and other requirements:

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ዩኒሴፍ(UNICEF) ንነፍሲ ወከፍ ህጻን

**ንሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኤርትራ፡ ንፈናንሰያውያን ዓመታት 2023-2026 ናይ ቀረባት፡ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዘህቡ ኣቕረብቲ ንምልላይ ቅድመ-ብቑዓት ንምምዝጋብ ዝተገብረ ናይ ዕዳጋ ገምጋም**

**ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፡ ንዓመት 2023 ክሳብ 2026 ኑቲ ናይ ቀረብ ኣቑሑ፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ማዕከን ሓበሬታኡ ንምዝባር ኣብ መስርሕ ደርኩብ ኣሎ። ግዱሳትን ብቑዓትን ኣቕረብቲ ኣብዚም ትሒቶም ዝተገልጹ ምድባት ንኽመልክቱ ይዕደሙ ኣለው።**

| ጉጅለ ቁ. | ስ ም ጉጅለ | መግለጺ ምድብ |
|---|---|---|
| | | ፍርያት |
| 1 | ሀ | ቀረባት ቤት ጽሕፈት፦ ናይ ቤት ጽሕፈት ኣቕሓን ቀወምቲ ኣቑሑን ናውቲ ጽሕፈት፡ ቀረባት ኤለክትሪክ ከምኡ'ውን መሳርሒያ |
| 2 | ለ | ቀረባትን ኣገልግሎታትን ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጅን ማስተራኽብን፦ ናይ ኮምፕዩተር መወሰኽታታትን ዝተዛመዱ ናይ ወሰን ተለቀብትን (ኮምፕዩተራት፡ ላፕቶፓት፡ ፕሮጀክተራት ኤልሲዲ፡ ሽሲዲ/ሽሰኣር/ዲሽዲ፡ ካሜራታት ወዘተ |
| 3 | ሐ | ቀረባት ትምህርቲ፦ ቀረባት መምሃሪ ክፍሊ፡ ትምህርታውያን ናውትን መሳርሒያን (ጸለምቲ ሰሌዳታት፡ ኩርሽ፡ ናውቲ ጽሕፈት፡ መላመዲ ጥራውዝቲ፡ ፒሮታት፡ ወዘተ፡ ኣቕሓ ቤት ትምህርቲ፡ ቀረባት ምዝንጋዕ (ስፖርትን ናይ ወሸጢ ገዛ ማዛናግዒ ንዋይን)፡ ከምኡ'ውን ካልኦት መምሃሪ ንዋያት ወዘተ |
| 4 | መ | ቀረባት ሕትመትን ምውፃዎን (ንኣፍሲት መስርሕ ሕትመትን ዲጂታላዊ ሕትመትን ዘጠቓልል) ናይ ሕትመት ንዋያት፡ ብሩሽራት፡ ፖስተራት፡ ባነራት፡ ስቲከራት፡ መኣርንበያታት ወረቐት፡ ናይ ምልክታ ሰሌዳ ምልክታታት መጠንቀቕታ፡ ጸብጻባት፡ መጽሓፍቲ ምዝገባ፡ ንኣሽቱ መጽሓፍቲ፡ ማሊያታትን ቀብዕትን፡ ናይ ኢድ ጎማ በናጅር፡ ናይ ኤግዚቢሽን መቖምያታት ወዘተ |
| 5 | ረ | ቀረባት ጥዕናን ኣመጋግባን፦ ባዕሉ-ግድዓታዊ ስሪንጋታት፡ ናይ ድሕሪት ሳጹናት (ንመጉሓፊ መስሪጺ ናውቲ)፡ ናይ ሕክምና ኣፋውስ፡ ንኡሳን መኣዝታት፡ ፍወሳውያን ምግብታት፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣቕሓ ምግቢ) |
| 6 | ሰ | ቀረባት ማይ፡ ሓለዋ ጽሬትን ስነጥዕናን (WASH)፡ መፍሓሪ መሳርያታት፡ ኩሉ ዝማልኣ ጀነሬተራትን (ጀነሬተር ሰትሰ) መቀያየሪ ኣቑሑቶምን፡ ናይ ኢድ ፖምፓታትን ጠለቕቲ ፖምፓታትን መቀያየሪ ኣቑሑቶምን ሕምብርተ-ዝጽግዒ ፖምፓታት ምስ ሻምብቆታት፡ ጸሓያውያን ጠለቕቲ ፖምፓታትን ተለቀብቶምን ሞቶራት ኤለክትሪክ፡ ናይ ፕላስቲክ ሻምብቆታት፡ ሸፋናትን ተገጠምትን፡ ናይ ኣቻዋ ሻምብቆታት፡ ሻምብቆታት ጃኢዩ፡ መዕቁር ማይ ባኒካታት (ዝተፈላለዩ ዓቕናት)፡ መሬወሲ ማይ ኬሚካላት፡ ተዓጻጻፊም ዘእርንቡን ዘይዕጸፉን ጀሪካናት (ናይ 10 ሊትሮን 20 ሊትሮን፡ ፕላስቲክ ሽንክሎታት (ናይ 20 ሊትሮ) ዓቕን፡ ቀረባት ሓለዋ ጽሬትን ስነጥዕናን፡ ከም እኒ ሳሙናታት |
| 7 | ሸ | ቀረባት ህጹጽ ዘይምግባውያን ንዋት (NFI)፦ ቴንዳታት፡ ማይ ዘጽሕልፉ ሸራዓት፡ ኮቦርታታት፡ ፕላስቲካውያን ቀጸላታት፡ መደቀሲ ምንጻፋትናይ ህጹጽ እዋን ረድኤት መዕቆብታትን ናይ ቤት ቀረባትን (መሸሸኒ ኣቑሑ፡ ፕላስቲካውያን ቀጸላታት፡ ተንዳታት፡ ወዘተ) ናይ ክዳን ንዋት፡ ኮቦርታታት ዓለባ (ጸምሪ ወይ ሰፍ)፡ ንናሕሲ ዝኸውን ፕላስቲክ፡ ወዘተ |
| 8 | ቀ | ናውቲ ሎጂስቲክስ/መጎዓዝያን መቀያየሪ ኣቑሑትን፦ ተሽከርከርቲ፡ ሞተር ብሽክለታታት፡ ብሽክለታታት፡ ኣምቡላንሳት፡ ዓበይቲ ማካይን (ቦጥት ማይ)፡ ጎማታት፡ ንዋት ተንቀሳቓሲ ሰፈር፡ ንዋት መኻዚኖ፡ ናይ ክዙና መትሓዚታት፡ ናይ ኑዳዲ ካመራዳርያ፡ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ቀረባት/መቀያየሪ ኣቑሑ |
| 9 | በ | ናውቲ ሓጋዚ ቴክኖሎጂ፦ ኑቶም ስንክልና ዘለዎም እኽሉላት ሰባትን ቆልዑን ዝኸኑ ሓገዝቲ ናውቲ (ዓረብያታት ስንኩላት፡ ናይ ዶልፊን መጋረጃታት፡ ናይ ብረይል መመዝገብቲ ድምጺ፡ ኣጉላሕቲ መሳርያታት፡ ተዓጻፍቲ ምርኩሳት ወዘተ) |
| 10 | ተ | ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ቀረባት፦ ውልቃውያን መከላኸሊ ናውቲ፡ መመርመሪታት (መመርመሪ ናውቲ፡መወሃሃዲ፡ ሃለኽቲ፡ ወዘተ። ናውቲ ሕክምና (ቨንቲለተራት፡ ናይ ኦክስጅን ኣጸዓቕቲ፡ ተወሰኽቲ ኣካላት፡ ከምኡ'ውን ሃለኽቲ ወዘተ) |
| 11 | | ካልኦት ዝተፈላለዩ ቀረባት፦ ናይ ስፖርትን ወሸጢ ገዛ ምዝንጋዕ ነገራት/ናውቲ፡ ቀረባት ኤለክትሪክ፡ ተቖጻጻሪ ቮልተጅ፡ ምትሕያስ ጸጥታ፡ መርከብቲ ሓጺን ማሽን ረጂ፡ ካሜራታት ሰሲቲቪ፡ ዲጂታል ዶርወይ፡ ናውቲ ቀዳማይ ረድኤት፡ ዓራውቲ ኮሊራ፡ ናውቲ ሶላር፡ ስርዓታት ሓይሊ፡ ኢንዳስትርያዊ ናውቲ፡ ፒዲኤታትን ቻርጀራትን ናይ ብረይል መሺናት፡ ተሳሓብቲ ዛሪባ ግዝፈትኩባሊ ሰድ፡ ኣየር ኮንዲሽነራት (ምትካሎምን ጽገናኦምን)፡ ናይ ሆስፒታል፡ ሕክምናን ላቦራቶርን ቀረባትን ናውትን፡ ሜሽነሪ መጋበርያታት፡ ጀነሬተራትን መቀያየሪ ኣቑሑትን ተቐዋሚ ኣገልግሎታት |
| 12 | ቸ | ምምሕዳራውያን ኣገልግሎታት፦ቤት ጽሕፈት ምጽራይ፡ ተለኣኣኽቲ፡ ኣገልግሎታት ሓለዋ፡ ኣገልግሎታት ምትካልንን ጽገናን ጹሓያዊ ጸዓት፡ ምሕደራ መኾ፡ መሳለጥያታት ሆቴልን ኮንፈረንስን ክራይ ማኪና፡ ሆቴላት፡ ሳሎናት፡ መድሕን ተሽከርከርቲ፡ ንኣገልግሎታት ታክሲ ዘጠቓልል ናይ ክራይን ቤት ጽሕፈትን ጽገና ወዘተ |
| 13 | ነ | ኣገልግሎታት ሎጂስቲክስ፦ መጎዓዝያ፡ ምጽራይ ጉምሩኽ፡ ምብጻሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መኽዘን ምዕቃብ/ክዝና ምሕደራን |
| | ኘ | ኣገልግሎታት ህንጻ፦ ጉድጓድ ዒላ ምኹዓት፡ ህንጻት ኣብያተ ትምህርቲ፡ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ኣገልግሎታት ምህንድስና፡ ጽገና ቀረባት ማይ፡ ጥዕናን ሓለዋ ጽሬትን ወዘተ |
| | ኣ | ኣገልግሎታት ሞያዊ ምምኻር፦ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምርምር፡ ዳህሳሳት፡ ክትትልን ገምጋምን፡ መጽናዕቲ ፍልጠት፡ ኣረኣእያን ተግባርን፡ መጽናዕትታት ተተግባርነት፡ ሽርክታት ዓቕሚ፡ ምዕባለ ኣብ ጥዕና፡ ኣመጋግባ፡ ትምህርቲ፡ ማይን ሓለዋ ጽሬትን፡ ሓለዋ ቆልዑ፡ ማሕበራውን ባህርያታውን ለውጢ፡ ማስተራኽቦን ምዕባሌኣውያን ጸላታት፡ ምምዕባል ኑቒቕ ንዋት፡ ኣገልግሎታት ስነ ማዕበ፡ ኣገልግሎት ስልጠናታትን ምዕባለ ዓቕምን፡ ኣገልግሎታት ንኡሱ ገምጋምን ናይ ወዘቢ ፈተሻን ኦዲት ፈናንሰያውያን ምምኻራውያን ኣግልግሎታት። |
| | ከ | ካልኦት ኣገልግሎታት፦ ግራፊክ ዲዛይን፡ ፎቶግራፊ፡ ኣገልግሎታት ድምጽን ቪድዮን፡ ምንዳፍ፡ ምምዕባልን ዕቀጣን መርበብ ሓበሬታ፡ ምጽሓፍ፡ ኣርትዖት፡ ምንዳፍን ስርርዕን ንኢጋጥሚታትን ወፍርታትን ዘደግፉ ኣዋዳዋዕቲ ኤጀንሲያታት፡ ኣገልግሎታት ውጠናን ምሕደራን ኢጋጥሚታት፡ ናይ ቅድመን ድሕረን ኣቕርቦት ምርመራታት ዘጠቓልል ውሕስና ብቕዓት፡ ምርመራታት ሳልሳይ ኣካል፡ ምንጻር፡ ምስትርጓም፡ ከምኡ'ውን ማዕረ ማዕረ ዚካየድ ምስትርጓም/ንዋት፡ ፈናንስያዊ ኦዲት፡ ጽገና ጀነሬተር፡ ምትዕርራይ ቤት ጽሕፈት፡ ኣገልግሎታት ሳሎናት/ምግቢ/ናይ ድግስ/ቤት ምግቢ ኣግልግሎታት፡ ኣገልግሎታት ሕትመት፡ ብምምሕዳር ዓቕሚ ሰብ ዚካየዱ ኣገልግሎታት ምምኻር |
| | ኸ | ናይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎታት ምትካል፡ ዕቀጣን ምትዕርራይን፦ መዛርግሒታት ኣገልግሎታት ማይ መብራህቲ ወዘተ፡ ኤለክትሪካውን ብርሃናውን፡ ኣየር ኮንዲሽነራት፡ ጀነሬተራት ቤት ጽሕፈት፡ ጽርባት፡ ኣጎጣጥማይነት፡ ናይ ኣቑሓ ቤት ጽሕፈት፡ ናይ ኣሉሚንዮም ምግጥጣም መረጼን፡ ናይ ቬትሮን ምግጥጣም መረጼንን፡ ማስመር ማይ/ማይ፡ ሲቪላዊ/ህንጻታዊ ምትዕርራያትን ስራሓትን/ናይ ህንጻ ንድቃ ሲቪላውያን ስራሓት (ምድሪ ቤታት፡ መናድቕ፡ ሰንቀታት፡ ናሕስታት፡ ምልካይ ሕብርን)፡ ድሕነት ባዕ ሓዊ |

## ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ ሓበሬታ

እቶም ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ/ቅድመ-ብቑዕነት መመልከቲ ንኺቐርቡ ቅዱሳት ዝኾኑ ኣቕረብቲ ኑቲ ናይ ኣቕራቢ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ቅጥዒ ክመልኡ ኣለዎም። ዚተሓትሙ ቅዱሳት ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕራቢ ካብ መቐበሊ ኢጋይሽ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ ክረኽቡ ይኽእል እዩ።

መመልከቲ ምቕራብን ናይ ምቕራብ ቀሩጽ-እዋንን ዚተዓሸጉ መመልከቲታት ኣብ ዘይተሰለለመ ፖስታ ብምእታው "ዳህሳስ ዕዳጋ/ቅድመ-ብቑዕነት ናይ ኣቑሑ፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን" ዚብልን ኑቲ ኣመልኪቶካሉ ዘሎኻ ምድብ ብምጥቃሳልን ናብ ቤት ጽሕፈት ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፡ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ክሳብ ሰኑይ 02-ሰነ-2023፡ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ብናይ ኤርትራ ኣቆጻጽራ ሰዓት፡ ብኣካል ብምኻድ ከተቕርብ ይከኣል። ድሒርም ዚቐርቡ መመልከቲታት ግን ኪንጸጉ/ኣብ ገምጋም ኣይከኣትዉን እዮም።

ኩሎም መመልከቲታት ብቛንቋ እንግሊዝ ኪቐርቡ ኣለዎም።

ናይ ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ መብርሂ ሕቶታት

ኣመልከትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስዚደልዩ ቅድሚ 31-ግንቦት-2023 ብጽሑፍ ጊዮርም ናብ ERTmarket-survey@unicef.org ኪሓቱ ይኽእሉ።

ጾታዊ ዘላቕነታውን ሰንክልናውን ምክታት ዩኒሴፍ ብመንጸር ጾታ፡ ዜግነትን ባህልን ብዙሕነት ናይ ምጭባጥ ወፋይነት ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ ዚውንኣን ትካላት መመልከቲ ንኺቐርባ ይተባባዓ። ዩኒሴፍ ናይ ዘላቕነትን ሰንክልናን ምክታት ናይ ምጭባጥ ወፋይነት ኣለዎ። እቶም ብዘላቒ ኣገባብ ኣገልግሎታት ዘፍርዩን ዜቐርቡን፡ ከምኡ'ውን ሰንክልናን ምክታትን ኣብ ግምት ዘእትዉ ኣቕረብቲ ንኸመልክቱን ዝኣም ብኮመይ ከምዚጭብጡዎም ንክርእዩ ይተባባዑ።

ናይ ዩኤንጂኤም ምዝገባ እቶም ንዩኒሴፍ ቀረባት፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ንኺቐርቡሉ ተገዳስነት ዘለዎም ኣቕረብቲ ኣብ ዩኤንጂኤም (ዩናይትድ ኔሽንስ ጀነራል ማርኬትፕለስ) ኣብ መሰረታውን ጽፍሒ 1ን ምዝገባታት ክምዝገቡ ኣለዎምን፦ https://www.ungm.org/Account/Registration

ዝርዝራት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ምድባት ዝርዝራት ናይ ነፍሲ ወከፍ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ምድባት ንምርካብ https://supply.unicef.org/product-categories ከምኡ'ውን ኑቲ ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕራቢ ይወከሱ።

ምዝገባ ንቅድመ-ጨረታዊ ኣኼባ ኣብ ዕለት 31-ግንቦት-2023 ሰዓት 10 ቅ.ቀ ብናይ ኤርትራ ኣቆጻጽራ ሰዓት ናይ ቅድመ-ጨረታ ኣኼባ ኪካየድ እዩ። ኣመልከትቲ ናብ ናይ ሃገር ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ፡ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ብኣካል ብምቕራብ ክምዝገቡ ይኽእሉ።

ምልክት
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

## Cost Control:

- Number Required – One (01)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

(1) Prepare preliminary construction drawing budget, design change, site work completion acceptance, and cost budget claimed with the owner;
(2) Conduct project cost management, and review the project progress payment and design changes of each project item;
(3) Prepare the project audit report, and be responsible for the project situation connection with the Employer;
(4) According to the relevant national and local regulations and the implementation of the project, responsible for the project budget and settlement audit work, as well as the whole process of the cost control work;
(5) Material reserve, allocation, consumption statistics, turnover, disposal and other resource management;
(6) Participate in the completion settlement, prepare and submit the completion settlement document;
(7) Complete other work assigned by the project leader;

**Qualification Requirement**

**Education:**
（1）Master degree or above
（2）Major in project cost management or the similar

**Work Experience:**
（1）At least 10 years work in project cost and budget management
（2）Familiar with the relevant engineering cost software (Glodon Software)
（3）Good at CAD, EXCEL PPT and other computer software
（4）Familiar with the budget quota and the budget quota
（5）Understand the relevant policies and regulations of the project host country

**Other skills and abilities:**
(1) Excellent language skills
(2) Proficient in operating the office software
(3) Have Personnel management and leadership skills
(4) Have the knowledge of the local human resources market and government-related labor law policies

**Language:**
（1）Language fluency in English and Chinese is required.

**Additional requirements for Nationals:**
(1) Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
(2) Present clearance paper from current/last employer
（3）Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
（4）Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
（5）Application documents will not be returned to the sender.
（6）All application should be sent though the post office.
（7）Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

## Project Manager:

- Number Required – One (01)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

（1）To be fully responsible for the safety, production, operation, technology and personnel management of the project;
（2）Accept the supervision of the employer, conscientiously perform the obligations and right stipulated in the contract in accordance with the contract, and successfully complete the tasks of the project;
（3）Optimize the allocation of human, material and financial resources and other production factors on the project site, and implement dynamic management;
（4）Establish the production, technology, safety and quality management system, and organize the implementation;
（5）Lead and organize the project team members and management personnel to formulate various management systems and urge the implementation;
（6）Do a good job in production organization and coordination, and solve various problems in production management;
（7）Make a good cooperative relationship with the employer and the contractor, and complete the monthly settlement of project payment.

**Qualification Requirement**

**Education:**
（1）Master degree or above
（2）Major in Mining engineering or the similar

**Work Experience:**
（1）At least 10 years working experience in project management
（2）Hold a middle management position for more than three years in large and medium-sized enterprises

**Other skills and abilities:**
(1) Class I construction engineer, safety certificate B
(2) Good at CAD, EXCEL PPT and other computer software
(3) Familiar with mine development process, equipment installation industry, mine design, production organization, safety management and other capabilities
(4) Ability to form and lead teams
(5) Have the ability to find problems and solve problems independently

**Language:**
（1）Language fluency in English and Chinese is required.

**Additional requirements for Nationals:**
（1）Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defense.
（2）Present clearance paper from current/last employer
（3）Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
（4）Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
（5）Application documents will not be returned to the sender.
（6）All application should be sent though the post office.
（7）Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

- **Address: please mail your application to**

**Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.**
**P.O.Box 4832 Asmara, Eritrea**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ዛራ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንኣርባዕተ ወርሒ ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ንግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡

ዓይነት ንብረት

- ኣሕምልትን ፍረታትን ቀዳማይ ደረጃ
- ሽሮን በርበረን ቀዳማይ ደረጃ
- ወጽኢት ጸባ (ፋርማጆ፡ ቸብዞ፡ ጠስሚ ፣ ሪኮታ) ፣ ሞርተደላ
- ሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግዛእን Grocery Items).
- ስጋ ደርሆ (Chicken Meat)
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ።
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሃገርና።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፡

- ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን (2019/2020) ኤርትራዊ ወረቐት መንነትን።
- ናይ 2023 ናይ ክፍሊት ኣታዊ ወኽጢ ሃገር ካብ ዕዳ ናጻነ (Clearance)/ ናይ 2022 ግብሪ ዝተኸፈሉ ሰነድን።
- መኽበሪ ጨረታ፡ ንኣሕምልትን ፍረታትን ናቕፋ 150,000.00 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ናቕፋ).
- ንወጽኢት ጸባ፡ ሞርተደላ፣ ሽሮ፡ በርበረ፣ ስጋ ደርሆን እንቋቑሖን ንፍሲ ወከፍ፡ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ).
- ንሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግዛእን Grocery Items) ፣ ናቕፋ 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብ ሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸአ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11(ዓሰርተው ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ዛራ ኣስመራ ይኽፈት።
- ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘየርከቡ፡ ዝቐረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተረኺቡ፣ ምስእ ሰድ ምስ ዝኸውን ክወዳደሩ ከም ዝኽእሉ ንሕብር።
- መጫረቲ ሰድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ዛራ C.P.O ብምርኣይ ክውሰድ ይከኣል።
- ተጫረትቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ክቐርቡ ምኻኖም ፈሊጦም፡ ዝ. ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ክቐርቡ ይግባእ።
- ትካልና ዝኸዓ ዓይነት ኣስቤዛ፡ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ዛራ (zara Site) ምስ ወረደ ከምዝርኣን፡ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ደማ ናብ ኣቕራቢ ይምለስ።
- ዕወት ኣብ 3ተ ግዜ ቀረብ ብቕዓቱን ጽሬቱን ተረጋጊጹ ውዕል ይግበር።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185541/185543 ክትወከሱ ትኽእሉ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ።

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካልና ኣላሞካ ሆቴል፡ ኣብ ትካልና ሰራሕተኛ ናይ ፒሳ (ፒሰርያ) ከም ኡ'ውን ሰራሒ ፓስተ፡ ዝ. ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ቅጥዕታት ዘማልእ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ ማለት፤

1. ናይ 3 ዓመት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ።
2. ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድሚኡ
3. ጾታ ዘይፈሊ
4. ደሞዝ 2000 ናቕፋ

ምኻኑ እናሓበርና፡ ዝ. ዘማልእ ብቑ.ቴሌ 151419/151610 ከም ኡ'ውን 07114797

ክደውሉ ወይ ደማ ብቑ.ፖ.ሳ 2481 ክልእኩልና ይኽእሉ።

ኣላሞካ ሆቴል

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ የርዳኖስ ዳዊት ማና፡ በዓልቤተይ ስመረ ሃይለ ጉብረመስቀል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ዘፋን ዑቕቡ ዓንደማርያም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ወልዱ ስመረ፡ ብዘሰበ ትሕቲ ዕድመ ጓልካ ዝምልከት ብቤት ዞመድ ሽማግለ ወገን ጓል ጥራይ ዝተዋህበ ናይ ሞግዚት ሽመት ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ ን22/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ኣነ ኣቶ ተስፋይ ሃይለ ትኩእ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጉዳይፍ ከበቢ ኢክስፖ ፕሎት 113 ፓርሰል AA ዚፕኮድ 1A743 ጉደና 743 ቁጽሪ ገዛ 10 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM018445/1 ብዕለት 15/3/2023 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ ሃይለ ትኩእ

## Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.

| | |
|---|---|
| 1. Job Title & Required Number | **Chemical Analst (06)** |
| **Major duties** | ▫ Carries out sampling and testing of starting materials and products in different stages to make sure that the materials and products comply with quality and safety standards.<br>▫ Inspects starting and packaging materials and finished products on packaging, labelling,<br>and storage systems as per the established procedures.<br>▫ Standardizes primary reference standards and prepares working standards and follow<br>Its periodic reanalysis in order to make sure that they meet desired quality standards.<br>▫ Performs instrument verification and/or calibration according to the established procedures in order to make sure that the instruments are in acceptable working condition.<br>▫ Prepares and updates different types of documents.<br>▫ Participates in investigating quality problems that might show up at different manufacturing stages, in order to determine the root cause of the problem(s) and take appropriate corrective action(s).<br>▫ Submits regular performance reports to the concerned senior analysts. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office.<br>▪ Excellent communication and interpersonal skills.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including, presentation skills |
| **Education** | ➢ **BSc Degree in Chemistry or Chemical Engineering** |
| **Experience** | BSc Degree in Chemistry or Chemical Engineering 1 year of work experience for degree |
| **Place of Work** | Azel Pharmaceutical Sh.Co. Keren Eritrea |
| **Salary** | Negotiable |

– Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029
Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

**Note:**
All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ደሃይ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ

### ሄኖክ፡ ሳልሳይ ኣትዩ

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዘበረት ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ዝተሳተፈ ኤርትራዊ ኣባል ክለብ ግሪን ፕሮጀችት-ባርዲያኒ - ሄኖክ ምልእብርሃ፡ ሳልሳይ ኣትዩ።

እዛ ጂሮ ደል`ኣፐኒኖ ዝተባህለት ናይ 1.1 መዐቀኒ ዘለዋ ውድድር፡ ንመበል 84 ግዜኣ እያ ተኻይዳ። ኣብዛ ዕለት ድማ፡ ብተረርቲ ዓቐብታት ተሰኒያ 198.5 ኪሎሜተር ሸፊና። ኣብ መወዳእታ፡ ስዊዘርላንዳዊ ኣባል ዩኤይኤስ ተም ኢማራተስ - ማርክስ ሂርቺ ንእስጳኛዊ ክሪስቲያን ሮድሪገዝ ብቐጸበታዊ ውድድር በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ካብዞም ተቐዳደምቲ 17 ካልኢት ጥራይ ንዝደሓረት ጉጅለ ድማ፡ ሄኖክ - ብቖኑ በሊጹ ፖድዩም ዘደየበ ወጽኢት ኣመዝጊቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ናይ ዩሲኣይ ጋንታ Q 36.5 ኮንቲነንታል ተም ዘለዉ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ - ናህም ዘርኣይን ኤፍሬም ጉብረሂወትን፡ ኣብዚ ውድድር ተሳቲፎም ነይሮም። ናህም፡ ካብ ዕወት 2 ደቒቕን 45 ካልኢትን ተፈንቲቱ መበል 21 ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ኤፍሬም ከኣ፡ 14 ደቒቕን 44 ካልኢትን ድሒሩ መበል 77 ደረጃ ሒዙ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ መትከል እዮብ፡ ኣብ ጃፓን ናይ ክልተ መድረኽ ሰሌዳ ጸወታ ኣብ ዘለዎ "ቱር ደ ኩማኖ" ዝተባህለ ውድድር ይሳተፍ ኣሎ። እዚ ኣባል ማለዥያዊት ክለብ ተረንጋኑ ዝኾነ ተቐዳዳማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደት ቀዳመይቲ መድረኽ፡ 7 ደቒቕን 14 ካልኢትን ድሒሩ መበል 74 ደረጃ ሒዙ። ኣብ 36 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ጃፓናዊ ማሳካ ያማሞቶ እዩ ተዓዊቱላ - ብ1 ሰዓትን 28 ደቒቕን 58 ካልኢትን።

### ቢንያም ተመለሱ

ኣብ ቱር ደ ፍላንደርስ ድሕሪ ዘጋጠሞ ከቢድ መውደቕቲ ንዋሕ ሳምንቲ ካብ ውድድር ተፈልዩ ዝጸንሐ - ቢንያም ግርማይ፡ ሎሚ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክሳተፍ እዩ። ቢንያም፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዘጋጠሞ መውደቕቲ፡ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ልምምድ ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ እዩ - ሎሚ ፋልመይቲ ውድድር ክካየድ። ወዮ`ኳ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ካብ ዝኾነ ውድድር ተኣልዩ እንተጸንሐ፡ እዛ ኣብ ቤልጅዩም እትካየድ "ብራሰልስ ሳይክሊንግ ክላሲክ" እትጸዋዕ ውድድር ግና፡ ምስ'ቲ ዘውንኖ ባህሪያት ከም እትሰማማዕ ፈላጣት



እዚ ዓውዲ የረድኡ። በዚ ድማ፡ ብሉጽ ወጽኢት ንምምዝጋብ ን ጋ ን ታ ኡ ኢንተርማርቼ-ሰርከሱ-ዎንቲ ጎበርት መሪሕ ኩይኑ ክቃለስ እዩ። ሓደ ካብቶም ክዕወቱ ተገሚቶም ዘለዉ ተቐዳደምቲ እውን እዩ። ብዓቢ ከኣ እዚ መንእሰይ ተቐዳዳማይ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ ኣብቲ ዝዓበየ ውድድር ብሽክለታ ዝኾነ ቱር ደ ፍራንስ ዝውዳደር ብምዃኑ፡ በዚ ናይ ሎሚ ውድድርን ዝስዕብ ክልተ ካልኦትን ኣብሉ፡ ህሉው ብቕዓቱ ክፍትሸን ከዕዘዝን ከኽእሎ እዩ። ብራሰልስ ሳይክሊንግ ክላሲክ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 103 ግዜኣ እያ ክትካየድ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ መበል 75 ውድድር ክሪይተሩም ደልፒነውን ሰንበት 4 ሰነ እዩ ክጅመር። ኣብዚ ናይ ፈረንሳ ውድድር ከኣ፡ ኤርትራዊ ኣባል ኣመሪካዊት ክለብ ትረክሰጋፍረዶ ዝኾነ - ናትናኤል ተስፋጼን ክሳተፍ እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንኹሎም ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ!



## ኣሰንስዮ ተፋንዩ

ሪያል ማድሪድ፡ ኣጥቃዓያ ማርኮ ኣሰንስዮ፡ ኣብዚ ወርሒ ውዕል ምስ ወድአ ክወጽእ ምዃኑ ብመንገዲ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኡ ትማሊ ኣፍሊጡ።

ኣሰንስዮ፡ ኣብ 2015 ካብ ማዮርካ ናብ'ዛ ጋንታ ብምጽምባሩ፡ ንሸሞንተ ዓመታት ኣገልጊሉዋ። ኣዚ እስጳኛዊ ወዲ 27 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግዝኣት በዛ ጋንታ ዝቐረበሉ ውዕል ናይ ምሕዳስ ሕቶ ብምንጻጉ ድማ ምስ ምውዳእ ውዕሉ ናጻ ተጻዋታይ ክኸውን እዩ።



"ከም ማድሪዳውያን፡ ኣሰንስዮ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዘርኣዮ ብሉጽ ተራ ብፍጹም ኣይንርስዖን ኢና። ሪያል ማድሪድ ኩሉ ግዜ ገዛኡ እያ። ንሕና ድማ ንዕኡን ንስድራቤቱን ኣብ ሓዳሽ ሂወቱም ጽቡቕ ዕድል ንምነየሉም" ክትብል ማድሪድ ኣብ ዝወጸኣቶ መግለጺ ተፋንያቶ ኣላ። እዚ ተጻዋታይ እውን ናይ መፋነዊ ቪድዮ ናብዛ ክለብን ደገፍታን ሰዲዱ እዩ። ኣሰንስዮ፡ ማድሪድ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ኣትሌቲኮ በልባኦ ኣብ እትካየዶ ጸወታ፡ ንሜዳ በርናቡ ክፋነዋ ዕድል ክረክብ እዩ።

ከም ጸብጻባት ምንጪታት፡ ኣሰንስዮ ብናጻ ናብ ፒኤስጂ ክጽምበር እዩ ትጽቢት ዝግበረሉ። ዓመታዊ ከኣ 8.5 ሚልዮን ፓውንድ (10 ሚልዮን ዩሮ) እናተኸፍሎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ውዕል ክፍርም ከምዝኽእል ይግለጽ።

## ኣል-ሂላል፡ ንሜሲ ምፍራማ እተፍልጠሉ መዓልቲ ነጊራ

### ሜሲ፡ ስለምንታይ ኣብ ፒኤስጂ ዘይማእምአ?

ብመሰረት ስፖርት ዝተባህለ ጋዜጣ፡ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ሂላል ንሊዮኔል ሜሲ ከም ዝፈረመቶ እተፍልጠሉ ዕለት ሰሉስ 6 ሰነ ክትከውን ወሲና።

ሜሲ፡ ዝመጽእ 30 ሰነ ምስ ፒኤስጂ ዘለዎ ስሉተ-ውዕል ምስ ሓለፈ፡ ናጻ ተጻዋታይ እዩ ክኸውን። ዝሓለፈ ሓሙስ ከኣ፡ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ - ክሪስቶፈር ጋልቴር፡ ቀዳም ዝቕየድዋ ጸወታ (ንናይ ትማሊ ጸወታ እዩ) ናይ መወዳእታኡ ምዃና ብምሕባር፡ ከምዝፋነዎም ኣፍሊጡ እዩ።

ሜሲ፡ ኣብዚ እዋን ስሙ ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ተኣሳሲሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ናብ ባርሳ ክምለስ ከምዝኽእል እውን ይሕበር እዩ። ይኹን እምበር፡ ከም ጸብጻባት እዛ ምንጪ፡ ኣል-ሂላል፡ ዝመጽእ ሰሉስ ምስ'ዚ ወዲ 35 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓይ ውዕል ከም ዝተፈራረመት ወግዓዊ ክትገብሮ እያ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዛ ምንጪ፡ ኣል-ሂላል፡ ንሜሲ ዓመታዊ 345 ሚልዮን ፓውንድ (400 ሚልዮን ዩሮ) እንኽፈለት ከምእተጻውቶ ተረዲኡ። እዚ ማለት፡ ልዕሊ 170 ሚልዮን ፓውንድ - ልዕሊ እቲ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ኣብ ኣል-ነስር ዝወስዶ ዘሎ መሃያ እዩ። በዚ መሰረት፡ ውዕል ሜሲ ወግዓዊ እንተኾይኑ፡ ነቲ ሮናልዶ ሒዚዎ ዝጸንሐ ዝለበረ መሃያ ዝቕበል ኣትሌት ሰርርዕ - ብናቱ ስም ክቕይሮ እዩ። ኣብዚ መዳይ መጽናዕቲ ብእትገብር መጽሄት ፎርበስ ብዝወጸ ሓበሬታ፡ ሮናልዶ - ኣብ 2023 እቲ ዝለዓለ መሃያ ዝኽፈል ኣትሌት እዩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጋዜጣ ጎል፡ ኣብ 2021 ልዑል ግምት ዝተገበረሉ ማሰርሕ ምስግጋር ሜሲ ናብ ፒኤስጂ፡ ከም'ቲ ትጽቢት ዝተገበረሉ ዘይሰርሓሉ ምኽንያት ገሊጹ። እዛ ምንጪ ካብ ዝዘርዘረቶ ገለ ምኽንያታት ምስ እንዕዘብ፡

• ኣብ ፈለማ ዘጋጠሞ ድርቂ ሹቶ፤ ዋላ'ውን ኣዝዩ ዘኸፍኦ ኣይንበር፡ ኣብ ቀዳሞት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ግና፡ ሽውዓተ ሹቶታት ምስ ኣርባዕተ ቀረብ ገይሩ እዩ። እንተኾነ፡ ንወገናት እዛ ጋንታ ዘዕግብ ኣይነበረን።



• ኣብ ምክልኻል ዘበሮ ጸገም፤ ኣብዛ ጋንታ ወትሩ ታክቲክ ናብ ጸገም እዩ ዝቕየር፡ ንሜሲ፡ ምባፐን ነይማርን ኣብ ቀድሚት ዘቐመጠት ጋንታ፡ ሕገሰቲ ክትከውን ትኽእል ኢያ።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ልዑል ጸቕጢን ጻዕራማት ኣጥቃዕትን ዘድልዮ ዘመናዊ ኩዕሶ እግሪ፡ እዞም ሰለስተ ካብኡ ወጻኢ እዮም ዝኾኑ ነይሮም። እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ጸወታታት ነጊሁ እዩ። ፒኤስጂ፡ ሰሪዚ ኩዕሶ ምስኣ ኣብ ዘዋትሉ እዋን፡ ብሸሞንተ ተጻወትቲ እያ ትጻወት። እዚ ምናልባት ኣብቲ እትመልኮ ሊግ 1 ፈረንሳ ጸገም ዘይክህልዎ ይኽእል እዩ፤ እንተ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ግና ዋጋ ዘኽፍል እዩ - ከፊሉትሉ እውን ኢያ። ልክዕ እዩ ኣብዚ መዳይ ሜሲ ጥራይ ኣይኮነን ዝሕመ - ምባፐን ነይማርን እውን እዮም። ይኹን እምበር፡ ደገፍቲ እዛ ጋንታ፡ ንሜሲ ጠንቂ ምኻኑ እናገለጹ - ካልኦት ብዘፈጸምዎ በደል እውን ክውቕስዎ ደሪኦም ነይሮም እዮም። "ሜሲ ኣይንደልየካን ኢና" ኢሎም ቀላል ዘይኮነ ጸርፊታት ኣስሚዖም ነይሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ሞያዊ ምትእስሳር ዘይምህላው ወይ ዋሕዲ ምህላው፡ ምሕደራዊ ወይ ናይ ኣሰልጠንቱ ድኹምነት፡ ጉዳይ ዕድሜ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝገበሮ መገሻን ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድር ዘጋጠሞ ውድቀትን፡ ነዚ ብዓቢ ህዝባዊ ኣቀባብላ ናብ ፓሪስ ዝኣተወ ተጻዋታይ፡ ከምቲ ዝድለ ዘይከኣሉ ምኽንያት ትገልጽ - ጋዜጣ ጎል።

## ሆብስ፡ ሞቲኖን ኮስታን ክወጽኡ . . .


ስፖርት ዳይረክተር ክለብ ዎልቨስ - ማት ሆብስ፡ ኣኽፋሊ ኣም ጃኦው ሞቲኖን ዲያጎ ኮስታን ኣብዚ ወርሒ ውዕሎም ምስ ወድኡ ካብዛ ጋንታ ክወጹ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

ንወዲ 36 ዓመት ፖርቱጋላዊ ሞቲኖ ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቱ ዝበሎ እዚ በዓል ስልጣን፡ "ጃኦው ንዎልቨስ ብዘበርክቶ ኩሉ ነመስግኖ። ኣብ መጻኢ ከኣ ጽቡቕ ዕድል ንምነየሉ" ኢሉ። ሞቲኖ፡ ኣብ 2018 ናብዛ ጋንታ ካብ ዝጽምበር ንደሓር፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ መስመር ምክፍፋል ብቐዋሚ ተሰሊፉ እዩ፤ 212 ግጥማት ከኣ ወኪልዋ። እንተ ኣብ ብራዚል ዝተወልደ እስጳኛዊ ኮስታ ግና፡ ኣብ መስከረም 2022 እዩ ብናጻ ክሳብ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ናብዛ "ተኹላ" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ጋንታ ተጸምቢሩ። ካብ 23 ናይ ሊግ ግጥማት ከኣ፡ ሓንቲ ሹቶ ኣመዝጊቡ ይፋኖ ኣሎ።

ይኹን እምበር ማት ሆብስ ንኣዳማ ትራኦረ - ሓዲሽ ውዕል ንምፍራም ጌና ኣብ ዝርርርብ ከምዝለዉ ኣፍሊጡ። "ኣብዚ እዋን ካብ ውዕል ወጻኢ ኮይኑ ኣሎ፤ ግና ናብ ስምምዕ ንምብጻሕ ዝኾነ ዕድል የለን ማለት ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ግዜ ከቢድ እዩ፤ ብርግጽ ግና ክንጽዕር ኢና። ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ከኣ ተስፋ ንገብር። እንተኾነ፡ ኣብ ዝቕጽል ሳምንቲ እንታይ ከምዝጋጥም ኣይፍለጥን" ኢሉ ሆብስ።

ወዲ 27 ዓመት - ትራኦረ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ እዛ ጋንታ ምኻኑ ይግለጽ። በዚ ድማ፡ ዓላሚ እዛ ጋንታ ጁለን ሎፐተጊ፡ ነዚ ጉልበት ተጻዋታይ ንምጽናሕ ድልየት ኣለዎ።





# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ እሾኽ ባሕሪ፡ ብዘይተፈልጠ ሕማም ይጥቃዕ

ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ኣቐዲሙ ዝተራእየ ብንጹር ዘይተለለየ ተላባዒ ሕማም፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከብ ብእሾኽ ባሕሪ ዝጽዋዕ እንስሳ ናብ ኣስከሬን ብምልዋጥ፡ ብቕልጡፍ ይቐትሎ ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ላይቭ ሳይንስ' ኣብ ገጹ ኣስፊሩ።

እዚ ንእሾኽ ባሕሪ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ናብ ኣስከሬን ቀይሩ ዝቐትል ዘሎ ተላባዒ ሕማም፡ ብቶም ኣብ'ዞም እሾኽ ባሕሪ ዝምገቡ ዓሳታት ካብን ናብን ዝላገብ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ኣብ ተመራመርቲ ስግኣት ኣሕዲሩ ዘሎ። ንኣብነቱ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ኣብ ማያት ግሪኽን ቱርክን ዝርከብ እሾኽ ባሕሪ በዚ ተላባዒ ሕማም ተታሒዙ ክመውት ከምዝኸኣለ ከም ኣብነት ኣቕሪቦም ኣለዉ። እዚ ሕማም ብመትረብ ስወጽ ገይሩ፡ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ናብ ደቡብ ማለት ናብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ዝመጽኤ ኣረዲኦም።

እዞም ዚ መጽናዕቲ ዘካይዱ ዘለዉ ተመራመርቲ፡ ዚ ተላባዒ ሕማም ዘምጽኦ ታህዋስያን ብንጹር ዋላ'ኳ እንተዘይፈለጥዎ፡ ኣብ ባሕሪ ካሪብያን ንዝርከብ እሾኽ ባሕሪ



ምሉእ ብምሉእ ዘጽነተ፡ ብሓደ ዋህዮ ዝቖመ ንኡስ ታህዋስያን ዝሰዓበ ሕማም ክኸውን ከምዝኽእል ግና ግምታቶም ሂቦም ኣለዉ። እንተኾነ ብሰንኪ ዝተራእየሉ ሕጽረት ግዜ፡ እዚ ሕማም እሾኽ ባሕሪ ኣብ እዋኑ ብግቡእ ክጽናዕ ከምዘይተኻእለ፡ ሕጂ ግን እቲ ምኽንያት ንምፍላጥን ንምክልኻሉን እኹል መጽናዕቲ ከካይዱሉ ዕድል ፈጢሩሎም ከምዘሎ ወሲኾም ገሊጾም።


እሾኽ ባሕሪ ሰበባ ዝምገብ ከቢብ ዝቐርጹ ኣሻኹ እንስሳ ኮይኑ፡ ሰበባ ንኸምኡ'ውን ባሕሪ ምሉእ ብምሉእ ሸፊኑ፡ ንፅንብታት ባሕሪ ካብ ብርሃን ጸሓይ ከዊሉ ዓቕሎም ኣጸቢቡ ከይቀትሎም ዝከላኸል እዩ። ፅንብታት ባሕሪ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እናጸኑ ዝኸዱ ዘለዉ ኮይኖም፡ ምማት እሾኽ ባሕሪ እውን ነዚ ምስ ምውሳኽ ክሊማዊ ዋዒ እናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ምጽናት እዚም ግርማ ማያዊ ኣካል የጋድዶ ከምዘሎ ይሕበር።

እዚ ኣብ ማእከላይ ባሕርን ቀይሕ ባሕርን ዘጋጥም ዘሎ ቅልጡፍ ፅንወት እሾኽ ባሕሪ፡ ብቕልጡፍ ደው ክብለሉ ዘኽእል ቀጥታዊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣድላዪ ምዃኑ ብክኢላታት እዚ ዓውዲ ተሓቢሩ ኣሎ። እዚ ብንጹር ዘይተፈልጠ ዘሎ ሕማም፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ኣብ ማእከላይ ባሕርን ቀይሕ ባሕርን ዝርከብ እሾኽ ባሕሪ፡ ምሉእ ብምሉእ ከጽንቶ ልዑል ተኽእሎታት ከምዘለዎ ይግለጽ።

## ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ የዕቢ

ኣብ ሃገረ ኖርወይ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ሰባት፡ ካብ'ቶም ብዘበዝሐ ኮፍ ዝበሉ ንላዕሊ፡ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ዝለዓለ ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣብ'ዚ መጽናዕቲ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዘውቲርካ ምክያድ፡ ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚ ከልዕለን ቃንዛ ከዋሕድን ከምዝኽእል እዩ ክንጸር ተኻኢሉ ዘሎ። ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ቃንዛ ከህድኡ ዝኽእሉ ከሚካላት ካብ ኣካላትና ከምዝመንጩ እዮም ዝገልጹ። ንኣብነት፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ንመጉዳእቲ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ጭዋዳታትን መላጉዋን ከጠንክርን ንኩነት-ኣእምሮ ክብ ከብልን ከምዝኽእል ወሲኾም የረድኡ። ብምንቅስቓስ ኣካላት ዝሰዓብ ምምሕያሽ ኩነት-ኣእምሮ ከኣ ነቲ ኣብ ቃንዛ ዘለና ኣረዳድኣ ብምጽላው ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከምዝዕቢ ኣዝጺርዎም ኣለው።




ኣብ'ዚ ኣብ ልዕሊ 10 ሽሕ ተሳተፍቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ሰባት፡ ካብ'ቶም ብዝበዝሐ ኮፍ ዘዘውትሩ ዝለዓለ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ክህልዎም ከሎ፡ ካብኡ ናብኡ ድማ እቶም ብዝበዝሐ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ሰባት፡ ካብ'ቶም ተመጣጣኒ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ንላዕሊ፡ ቃንዛ ክጻወሩ ከምዝኽእሉ፡ እቶም ክኢላታት ትዕዝብቶታቶም ገሊጾም።

ስለምንታይ እዩ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘልዕል ብንጹር'ኳ ኣይገለጸ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ተመርኲሶም ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ግን እዚ ናይ ሕጂ ምርምር ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝተዋፈሩ ብዙሓ ተሳተፍቲ ስለዝተኻየደ፡ ኣተኣማማኒ ውጽኢት ምዃኑ እዩ ብዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ዝግለጽ ዘሎ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ'ዚ ሕጂ ከም ፈውስን መከላኸሊ ሕዱር ቃንዛን ካብ ዝኸውን ነዊሕ ኣቚጺሩ እዩ። ካብ ኮፍ ምባል ዋላ'ውን ንውሑድ ደቓይቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ ተመራጺ ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ብዝተፈላለየ መንገድታት ክዘውትሮ ይግባእ። እዚ ኸኣ፡ ካብ'ቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክስዕብ ዝኽእል ቃንዛ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘዕቢ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

## ካብ ጨዋም ማይ፡ ነዳዲ ሃይድሮጅን ይምስራሕ

ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ብዘይዝኾነ ቅድመ ምድላዋት፡ ካብ ጨዋም ማይ ባሕሪ፡ ነዳዲ ሃይድሮጅን ክምስርሑ ዝኽእል ኣገባብ ከምዘማዕበሉ ሓቢሮም።

እዞም ተመራመርቲ ብዘይዝኾነ መስርሕ ምጽራይ ጨው እያም ካብ ማይ ባሕሪ ብቐጥታ ነዳዲ ሃይድሮጅን ክፍርዩሉ ዝኽእሉ ሜላ ከማዕበሉ ክኢሎም ዘለዉ። ልዕሊ 97 ሚእታዊት ኣብ ጽፍሒ መሬት ካብ ዝርከብ ማይ፡ ኣብ ውቅያኖሳት ዝርከብ ጨዋም ማይ እዩ። ክሳብ ሕጂ፡ ነዳዲ ሃይድሮጅን ካብ ባህርያዊ ጋዝ (fossil Fuel) እዩ ዝምስራሕ ዘሎ። ነቲ ክብጻሕ ዝሕሰብ ዘሎ 'ካብ ብከላ ናጻ መጻኢ' ንምብጻሕ ግን ካብ ማይ ብዝመንጨወ ሃይድሮጅን ምሉእ ብምሉእ ክትካእ ከምዘለዎ እዩ ብክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝግለጽ ዘሎ። ዝ. ንምግዳድ ድማ እዞም ክኢላታት፡ ኣብ ጽሩይ ማይ ጥራይ ከተኮረ ዝጸንሐ መስርሕ ኤሌክትሮላ ተጠቒምካ ንሃይድሮጅን ካብ ኦክሲጂን ናይ ምፍላይ መስርሕ፡ ብዝተፈልየን ዝሓሰረን መንገዲ ኣብ ጨዋም ማይ ክጥቀምሉ ከምዝኽእሉ እዩም ዝሕብሩ።



እዚ ካብ ማይ ባሕሪ ዝተረኽበ ሓድሽ ሜላ ምድላው ነዳዲ ሃይድሮጅን፡ ምስ ጽሩይ ማይ ክነጻጸር ከሎ፡ ብዝበዝሐ ፍርያት ዝርከቦ ግብራዊ ክኸውን ድማ ዝሰፍሐ ተኽእሎታት ዘለዎን ብምዃኑ፡ ንመስርሕ ምድላው ጽሩይ ነዳዲ ዝያዳ ተመራጺ ከምዝገብሮ ይጥቀስ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ነዳዲ ሃይድሮጅን ብዝበዝሐ ዘድልየሉ እዋን'ኳ እንተዘይኮነ፡ ምስ እዚ እናሓደረ ዘውንጨፍ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ግን ኣብ መጻኢ ኣድላይነቱ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ'ዩ ብክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝግለጽ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብሃይድሮጅን ዝሰርሓ ማካይንን ባጡርን ኣብ መዓላ ክውዕላ ከለዋ፡ መርከብን ኣፈራትን ከኣ ኣብ ቀረባ ግዜ ንኣገልግሎት ድልዋት ክኾና ኣብ መስርሕ ይርከባ። እዚ ናይ መጻኢ ወለዶ ነዳዲ ክኸውን ከም መደብ ተታሒዙ ዘሎ ሃይድሮጅን፡ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መራኽብ ካብ ማይ ባሕሪ ብቐጥታ ነዳዲ ክረኽባሉ ዝኽእላ መንገዲ የጣጥሕ ምህላዉ ይግለጽ። እዚ ድማ ነቲ ብዓበይቲ ናይ ጽዕነት መራኽብ ዝተፋእ ምንጪ ዝተፈላለዩ ሕዱራት ሕማማት ዝኾነ ብከላ ክጉትእ ልዑል ተኽእሎ ከምዘለዎ እቶም ተመራመርቲ ይገልጹ።

እዚ ኣብ ምድማዱ ዘሎ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ፡ ድሮ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ትካላት ተገዲሰን ኣሕዲረናሉ ምህላወን ይሕበር። ብተወሳኺ፡ እዚ መስርሕ ምልዋጥ ማይ ባሕሪ ናብ ነዳዲ፡ ነቲ ከም ካልኣይ መሰረታዊ ጭኡታ ኮይኑ ኣብ'ቲ መስርሕ ዝፍለ ኦክሲጂን እውን ከም መስተንፈሲ ኣየር ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓልታት ክገልግል ከምዝኽእል እዩም ተመራመርቲ ኣብሪሆም። መጻኢ ነዳዲ ሃይድሮጅን ንምውሓስ ንዕኡ ዘገልግል ትሕተ ቅርጻን ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለን ንምውዳድ ብደሆ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝበዝሐ ሚእታዊት ብጨዋም ማይ ባሕሪ ውሑስ ኮይኑ ስለዘሎ ግን ኣብ ቀረባ ዓመታት ተግባራውነት ክሉበስ ተኽእሎታት ከምዘለዎ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

## ኣብ ቈልዑ ዝርአ ዘባህርር ሕልሚ ተኽእሎ ሕማማት ረሲዕን 'ፓርኪንሰን'ን የልዕል

ኣብ ሓደ ሓድሽ መጽናዕቲ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ብኣሰንባዲ ሕልሚ ቀጻሊ ዝብህርሩ ቈልዑ፡ ኣብ ዕድመ 50'ታት ኣብ ዝበጽሑሉ ግዜ፡ ካብ'ቶም ብተደጋጋሚ ብሸፀዚ ዓይነት ሕልምታት ዘይብህርሩ ዘበሩ መዛኑኦም፡ ብሕማም ረሲዕን ብመልመስቲ ጭዋዳታትን ምንፍጥፋጥ መሓውርን ዝልለ ብርቱዕ ሕማም ፓርኪንሰን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ብዕጽፊ ዝዛየደ ምዃኑ ተሓቢሩ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ከበቢ 7 ሽሕ ዝበጽሑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዕድመ 50'ታት ዝርከቡ ሰባት፡ ኣብ ዕድመ ሸውዓተ ክሳብ 11 ኣብ ዝበሩሉ ግዜ ዝተኻየደ እዩ ነይሩ። እቶም ብሕማማት ረሲዕ ወይ'ውን ሕማም ፓርኪንሰን ዝተታሕዙ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ብዘባህርር ሕልምታት ይሳቐዩ ምንባሮም እዩ በቲ መጽናዕቲ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ። ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ ካብ'ቶም ኣብ እዋን ቈልዕነት ዘባህርር ሕልምታት ብተደጋጋሚ ዘየጋጥሞም ዘበሩ፡ እቶም ብሕማቕ ሕልምታት ዝሳቐዩ ዝበሩ መዛኑኦም፡ ምስ ዓበዩ ሕማም ረሲዕ ናይ ምምዕባል ተኽእሎኦም ብ176 ሚእታዊት ክልዕል ከሎ፡ ብሕማም ፓርኪንሰን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም እውን 640 ሚእታዊት ክብ ዝበለ ምዃኑ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ገሊጾም። እዚ ተኽእሎታት እዚ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ማዕረ ከምዝኾነ ድማ ወሲኾም ኣዝጺሮም ኣለው።

ንኣብነት ኣስዒቦም፡ እቲ ዝበዝሐ ሚእታዊት መጠን፡ ኣብ ግዜ ቈልዕነት ዘጋጥም ዓቐን ተደጋጋሚ ኣባህራሪ ሕልምታት፡ ኣብ ሱሩ ሰረት ዝምርኮስ ምዃኑ እዩም ዘረድኡ። ወሲኾም፡ ንተደጋጋሚ ኣሰንባዲ ሕልሚ ዘቃልዕ PTPR ዝበሃል ጂን፡ ምስ ኣብ እዋን ዕበየት ዘጋጥም ሕማም ረሲዕ ምትሕሓዝ ከምዘለዎ ድማ ኣረዲኦም። እንተኾነ ኩሎም ኣብ ንኡስ ዕድመ ብኣባህርርቲ ሕልምታት ዝሳቐዩ ቈልዑ፡ ምስ ዓበዩ በዞም ሕማማት ይጥቅዑ ማለት ከምዘይኮነ ግን እቶም ተመራመርቲ ኣዝጺሮም ኣለው።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ተደጋጋሚ ኣሰንባዲ ሕልምታትን ሕማማት ረሲዕን ፓርኪንሰንን ዘሎ ዝምድና ብንጹር ንምፍላጥ ተወሳኺ ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕቲ ከካይዱ ምዃኖም ሓቢሮም። ንኣብነት ኣስዒቦም፡ እዚ መጽናዕታዊ ርኽበት እዚ፡ ብተደጋጋሚ ብዘባህርሩ ሕልምታት ዝሳቐዩ ቈልዑ ጸገምቶም ብእዋኑ ተለልዩ፡ ካብ'ዞም ብናይ ሓንጎል ጸገማት ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት ብኣጋኡ ንምክልኻል ዝኽእል ዕድል ምዃኑ ገሊጾም። እዚ ጸገም እዚ ባዕልኻ ከተካይዶ ብእትኽእል ሜላታት ማለት ከም እኹል ድቃስ ብምርካብን ጥዕና ኣእምሮኻ ብምምሕያሽን ክትከላኸሎ ዝከኣል ኮይኑ፡ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ምስ ዝኸውን ግና ንክኢላታት ምውካስ ዝሓሸ ውጽኢት ክርከቦ ከምዝኽእል የረድኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፍርማሲ ማይ ተመናይ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ረሻዋ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃ | 04/06/2023 | ጎደና ዓዲ ኣቦይቶ ቁ.315፡ ከበቢ ቤት ክርስቲያን ኣቦና ኣረጋዊ<br>ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መኽበድ ገዛ ጥንዳ ጥልያን<br>ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከበቢ ሲኒማ ኣምፒር | 08370134<br>119802<br>120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565